
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.287 ሰሉስ 1 ነሓሰ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ክነስተብህለሎም ዘሎና ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ



ገጽ 3
እሾኹ ምስ ብልሓ ትፍጠር



ገጽ 4
'ምስ ወለድኺ ክትላዘቢ' እመኽረኪ!



ገጽ 5
ሌላ ምስ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተርን ዕማማቱን

ገጽ 7
ኤርትራ ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ክትሳተፍ'ያ




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ካብ ናይ ፌደረሽን ሩስያ መገሻኦ ተመሊሱ





ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዕድመ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፡ ካብ 26 ሓምለ ኣብ ፌደረሽን ሩስያ ክካየዶ ዝቐጸለ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዛዚሙ፡ ትማሊ ሰዓት 7፡30 ምሸት ኣስመራ ኣትዩ።

ኣብዚ ዑደቱ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብ27ን 28ን ሓምለ ኣብ ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ ኣብ ዘኣንገደቶ ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩሲያን ኣብ ርእሲ ምስታፉን መደረ ምቕራቡን፡ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲንን ካልኦት ሰበስልጣን መንግስትን፡ ኣብ ምዕማቑን ምድልዳልን ክሉ-መዳያዊ ዝምድናታት ኤርትራን ፌደረሽን ሩስያን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምዕዛዝ ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያትን ምዕባለታትን ዘትዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ዝተፈላለየ ትካላት በጺሖን ኣብ ሃገራዊ መዓልቲ ሓይሊ ባሕሪ ፌደረሽን ሩስያ ተሳቲፉን።

ኣብ'ቲ ብ30 ሓምለ ኣብ ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ ዝተኻየደ ጽምብል ሃገራዊ መዓልቲ ሓይሊ ባሕሪ - 45 መራኽብ፡ ኣብ ሰብማሪናትን ልዕሊ 3 ሽሕ ሰራዊትን ዝተሳተፍዎ ንታሪኽን ዓቕምን ሓይሊ ባሕሪ ሩስያ ዘንጸባርቕ ምርኢት ቀሪቡ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ ነይሩ።

## ንኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ናይ ስነ-ቋንቋ ስልጠና ተዋሂቡ

42 ጋዜጠኛታትን ኣርታዕትን ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና፡ ንምእኩልነትን ዕብየትን ቋንቋ - ብፍላይ ከኣ ንምምእካል ቋንቋ ትግርኛ ዝምልከት ስልጠና ቀሲሞም።

ነቲ ስልጠና ዝሃቡ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ፊረንዘ - ኢጣልያ መምህርን ተመራማሪን ስነ-ቋንቋ፡ ክኢላ ሴማዊ ቋንቋታት ፕሮፌሰር ተስፋይ ተወልደ፡ ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ዓሚቚ ምርምር ዘካየደን ዝተፈላለየ መጻሕፍቲ ዘሕተመን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላታት ስነ-ቋንቋ ብርክት ዝበሉ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘቕረበን ምሁር እዮም።

እቲ ንኣርባዕተ ተኸታታሊ ሰሙናት ዝተዋህበ ትምህርቲ፡ ኣገዳስነት ምእኩል ቋንቋ፣ ተሞኩሮ ዝተፈላለየ ሃገራት ኣብ ምምእካል ቋንቋ፣ መሰረሕ ምምእካል ቋንቋ፣ ጉዕዞ ምምእካል ቋንቋ ትግርኛ - ታሪኹን ምዕባለኡን፣ ግደ ስነ-ቋንቋዊ ስርዓት ኣብ ምዕባለን ምእኩልነትን ቋንቋ፣ ሓደግታት ቅድመ-ሴማዊ ቋንቋታት፣ ቅርጺን ድምጺን ጥንታዊ ፊደላት - ርክቦቱ ምስ ህልዊ ፊደላት በበይናም ቋንቋታት፣ ባህርያትን ቅርጻዊ ዝምድናን ሴማዊ ቋንቋታት፣ ጽልዋ ኣፍሮ-ኤሽያዊ ቋንቋታት፣ ስርዓት ኣኑዳድቓ ቃላት፣ ኣበዛዝሓ ኣሰማትን ኣቃውማ ምሉእ ሓሳብን ኣብ ሴማዊ ቋንቋታት፣ መሰረታዊ ቅርጺ ዝሓለወ ኣገባብ ምርዓምን ምፍጣርን ሓደስቲ ቃላት ዝምልከት እዩ።

ኣብ ዝኾነ ቋንቋ፡ በብኸባቢኡ ዝተፈላለየ ላህጃታት ከምዘለዋ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ዝበልጸሉ ምኽንያት ከምዘየለን ሓባራዊ መረዳእታ ክህሉ ኣገዳሲ ምኻኑ ዝገለጹ ፕሮፌሰር ተስፋይ፡ እንተኾነ - ምምእካል ቋንቋ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲን መራኸቢ ብዙሓንን፡ ኣብ ሓፈሻዊ ምዕባለ ሕብረተሰብ፡ ከምኡ'ውን ሶፍት-ዌር ቋንቋ ኣብ ምምዕባል ዘህልዎ ግደ ልዑል ብምዃኑ፣ ብደረጃ ሃገር ኣብ'ዚ ዕማም'ዚ ዝጸጥፍ ትካል ምርምር ቋንቋታት ክህሉ ከምዝግባእ፣ በዚ ድማ ዝምልከቶ ኣካል ዕቱብ ተበግሶ ክወስደሉ ጸቒጡ ኣስሚሩሉ።

እቲ ትምህርቲ፡ ግብራዊ ተሞኩሮ ጋዜጠኛታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንዘተን ክትዕን ብዝዕድም ኣሳታፊ ኣገባብ'ዩ ተኻዩዱ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ 2006 ብሚኒስትሪ ዜና ዝተዳለወ "ምዕሩይ ትግርኛ መራኸቢ ብዙሓን" ዝርእስቱ መጽሓፍ መሰረት ገይሮም፡ ኣብ ምኽኣልነትን ልክዕነትን ኣብ'ቲ መጽሓፍ ሰፊሩ ዘሎ መምርሒ ኣሰፊሖም ዘትዮምን ክመሓየሽ ኣብ ዘለዎ ሽግራት ኣብ ሓደ መረዳእታ በጺሖምን።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ሓላፊ ክፍሊ ኣገልግሎት ወጻኢ ኣቶ መኩርያ ወልዱ፡ ንተበግሶን ተገዳስነትን ኣበርክቶን ፕሮፌሰር ተስፋይ ብምምጓስ፡ እቲ ትምህርቲ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ስነ-ቋንቋ ዝጸንሖም መረዳእታ ዘስፍሐ፡ ብዓይነቱ ፍሉይ ምንባሩ ገሊጾም።

ፕሮፌሰር ተስፋይ ብወገኖም፡ ካብቲ ዘተን ምይይጥን ብዙሕ ሓጋዚ ሓሳባት ምኽሳቦም ብምሕባር፡ ንንጡፍ ሱታፌን ግዳሰን ስልጠንቲ ሞጒሶም።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ከነስተብህለሎም ዘሎና ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ



ቫይረስ፡ ባክተርያ ወይ'ውን ዕሲ (fungus)፡ ናብ ሳንቡእ ኣትዩ ቁጥዐ/ነድሪ ምስ ዘስዕብ፡ ረኽሲ ሳንቡእ ይፍጠር፡፡ ረኽሲ ሳንቡእ ብዓይነቱ ካብ ፈኲስ ክሳብ ኣዝዩ ከቢድ ተባሂሉ ይፈላለ፡፡

ረኽሲ ሳንቡእ፡ ኣብ ሓንቲ ወይ ኣብ ክልቲኤን ክፍልታት ናይ'ታ ኣካል ኪጋጥም ይኽእል፡፡ ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ልሙድ ተባሂሉ ዝፍለጥ ረኽሲ ሳንቡእ ኒሞኒያ እዩ፡፡ ኒሞኒያ ንየም ንኣሽቱ ከረጺታት ኣየር ናይ ሳንቡእ እዩ ዘጥቅዕ፡፡ ብዙሕ ግዜ ብዘላባዒ ባክተርያ ይስዕብ፡፡ ብቫይረስ ወይ ብዕሲ'ውን ክለዓዕ ይኽእል እዩ፡፡ ሓደ ኒሞኒያ ዝሓመመ ሰብ ኣብ ጥቓኻ ኮይኑ ብዘይ መሸፈኒ ኣፍ ምስ ዝስዕል ወይ ዝህንጥስ፡ እቲ ሕማም ናባኻ ክለብዕ ይኽእል፡፡

## ረኽሲ ሳንቡእ እንታይ እዩ?

ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ረኽሲ ሳንቡእ ብባክተርያ፡ ቫይረስ ወይ ዕሲ እዩ ዝመጽእ፡፡ ናብን ካብን ሳንቡእ ኣየር ዘቀባብል ሻምብቆ ጉርጉማ (bronchial tube) በዓም ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ምስ ዝጥቅዑ፡ ሕማም 'ብሮንካይትስ' (bronchitis) ክትሓምም ትኽእል፡፡ 'ብሮንካይትስ' ብዙሕ ግዜ ካብ ብባክተርያ ብቫይረስ እዩ ዝስዕብ፡፡

ቫይረስ ንሳንቡእ ወይ ንሻምብቆታት ኣየር ናይ ሳንቡእ ከጥቅዕ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቲ ሕማም 'ብሮንክዮሊቲስ' (bronchiolitis) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ፡፡ እዚ ሕማም'ዚ ብዙሕ ግዜ ንዕሸላት እዩ ዘጥቅዕ፡፡

ከም ኒሞኒያ ዝኣመሰሉ ረኽሲ ሳንቡእ - ኣዝዮም ሓደገኛታት እዮም፡፡ እቲ ግዳይ ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ወይ ብሕዱር ሕማም ዝተሳቐየ ኮይኑ ምስ ዝጸንሕ፡ ረኽሲ ሳንቡእ ኣብ ሓጺር እዋን ክሳብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ከቢድ ጉድኣት የውርድ፡፡

## ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ

ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ፡ ካብ ፈኲስ ክሳብ ኣዝዩ ከቢድ ተባሂሉ ይግለጽ፡፡ ረኽሲ ሳንቡእ ዘርእዮ ምልክት፡ ብዕድመ፡ ብጥዕናዊ ኩነታት ናይቲ ግዳይ፡ ብጠንቂ ናይቲ ረኽስን ካልእን ረቛሒታት ይፈላለ፡፡

ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ፡ ምስ ምልክታት ጉንፋዕን ኢንፍሉወንዛን ይመሳሰል እዩ፡፡ ረኽሲ ሳንቡእ ዘርእዮ ምልክታት ካብ ጉንፋዕን ኢንፍሉወንዛን ነዊሕ እዋን ዝጸንሕ እዩ፡፡

ረኽሲ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ ከርእዮም ዝኽእል ምልክታት፦

* ሓፈስ ዓኽታ ዘለዎ ተደጋጋሚ ሰዓል

ሰዓል ብሰንኪ ቁጥዐ/ነድሪ ኣብ ሻምቆታት ወይ ከረጺት ኣየር ናይ ሳንቡእ ንዝእከቡ ዓኽታ ንደገ ንምውጻእ ዝሕግዝ መካኒዝም እዩ፡፡ እቲ ዓኽታ ደም ዝተሓወሶ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

'ብሮንካይትስ' ወይ ኒሞኒያ ዘለዎ ሰብ ዘውጽኦ ዓኽታ፡ ዝተፈላለየ ሕምሪ ዘለዎ ክኸውን ይኽእል፦

* ጽሩይ ዓኽታ፡
* ጻዕዳ ዓኽታ፡
* ቀጠልያ ዓኽታ ወይ፡
* ብጫዊው ዝበለ ዓኽታ፡፡

እቲ ምስዓል ክሳብ ካልኦት ምልክታት ናይቲ ሕማም ዝሓውዩ፡ ንሰሙናት ክቕጽል ይኽእል፡፡

* ዘውግእ ቃንዛ ኣፍ-ልቢ

ብሰንኪ ረኽሲ ሳንቡእ ዝፍጠር ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡ ሸቓሻቕን ወጋእን እዩ፡፡ እቲ ቃንዛ ብዕምቈት ኣብ እትስዕልን እተስተንፍስን እዋን፡ ብፍላይ መለሱ ዝበኣሰ ይኸውን፡፡ ሓደ ሓደ ግዜ፡ እቲ ቃንዛ ኣብ ላዕለዋይን ማእከላይን ሸነኽ ዓንዲ ሕቖ ክስመዓካ ይርአ እዩ፡፡

* ረስኒ

ሰብነትና ንዘኸኣ ረኽሲ/ሕማም ንምጥፋእ ክቃለስ እንከሎ ዘርእዮ ምልክት - ረስኒ እዩ፡፡ እቲ ልሙድ መቐት ሰብነትና 37 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (98.6 ዲግሪ ፋራንሃይት) እዩ፡፡ ብባክተርያ ብዝስዕብ ረኽሲ ሳንቡእ ተጠቒዕና ምስ እንህሉ ግና መቐት ሰብነትና ክሳብ 40.5 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (105 ዲግሪ ፋራንሃይት) ክበጽሕ ይኽእል፡፡ እዚ ኣዝዩ ሓደገኛ መቐት እዩ፡፡

ዝኾነ ሰብ መቐት ሰብነቱ ልዕሊ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (102 ዲግሪ ፋራንሃይት) ምስ ዝበጽሕ፡ ዝተፈላለዩ ካልኦት ምልክታት ከርኢ ይጅምር፦

ክቱር ረሃጽ፡
ቁራቝሩ ምባል፡
ቃንዛ ጭዋዳ፡
ንቕጽት ሰብነት፡
ተደጋጋሚ ቃንዛ ርእሲ፡
ድኻም ሰብነት፡፡

ስለዚ፡ መቐት ሰብነትና ልዕሊ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምስ ዝበጽሕ፡ ተቐላጢፍና ናብ ሕክምና ክንከይድ ይግባእ፡፡

* ቃንዛ ሰብነት

ረኽሲ ሳንቡእ ምስ ዘጋጥመካ፡ ጭዋዳታትካን ዓንዲ ሕቖኻን ከቖንዝወካ ንቡር እዩ፡፡ እዚ ቃንዛ እዚ 'ምያልጂያ' (myalgia) ይበሃል፡፡ ብሰንኪ ረኽሲ ሳንቡእ ኣብ ጭዋዳታት ሰብነት ነድሪ ክፍጠር ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ድማ፡ ቃንዛ ሰብነት ክፈጥር ይኽእል፡፡

* ጸረርታ ኣፍንጫ

ረኽሲ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ፡ ኣፍንጫኡ ቀጢን ንፉጥ ጸረር ካብ ምባል ኣየቋርጽን እዩ፡፡ ኣብ ዝስዕለሉን ዝህንጥሰሉን እዋን እቲ ጸረርታ መለሱ ክበዝሕ እዩ ዝርአ፡፡

* ሕጽረት እስትንፋስ

ሓደ ካብቲ ሓደገኛ ምልክት ረኽሲ ሳንቡእ ሕጽረት እስትንፋስ እዩ፡፡ ረኽሲ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ ብኢጋኡ ኣለልዩ ክፍወስ ምስ ዘይክእል፡ ንሕጸረት እስትንፋስ እዩ ዝቃላዕ፡፡ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝበጽሐ ግዳይ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክበጽሕ ይግባእ፡፡

* ምስልኻይ

ሰብነትና ነቲ ረኽሲ ንምሕዋይ ኣብ ዝቃለሰሉ እዋን፡ ቀጻሊ ድኻምን ምስልኻይን ክፈጥረልና ንቡር ተርእዮ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት እኹል ዕረፍቲ ክንረክብ ይግባእ፡፡

* ጸጽ ምባል (Wheezing)

ብረኽሲ ሳንቡእ ዝተጠቕዐ ግዳይ፡ ኣየር ንደገ ኣብ ዘውጽኣሉ እዋን፡ 'ጸጽ' ዝበል ድምጺ የውጽእ እዩ፡፡ እዚ ድማ ብሰንኪ ረኽሲ እቶም ኣየር ዘውጽኡ ሻምብቆ ስለ ዝጸቡ እዩ፡፡

* ከንፈርን ቀርበት ሰብነትን ሰማያዊ ሕብሪ ክሕዝ ምርኣይ

ረኽሲ ሳንቡእ ዘጋጥሞ - ሰብ ሕጽረት እስትንፋስ ከርኢ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ፡፡ ሰብነቱ እኹል ኦክስጅን ስለ ዘይረክብ ድማ፡ ሕብሪ ቆርበት ሰብነቱ ወይ ከንፈሩ ሰማያዊ ሕብሪ ክሕዝ ይርኣ፡፡

* ጣዕጣዕ ዝበል ዘይንቡር ድምጺ ኣብ ሳንቡእ

ሓደ ካብ ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ፡ ኣብታ ኣካል ዘይንቡር ጣዕጣዕ ዝበል ድምጺ ምስማዕ እዩ፡፡ እዚ ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'ባይባሲላ' (bibasilar) ይበሃል፡፡ ሓኪም ነዚ ድምጺ'ዚ 'ስቴቶስኮፕ' ተጠቒሙ እዩ ክሰምዖ ዝኽእል፡፡

### ጠንቂ ረኽሲ ሳንቡእ

እቶም ልሙዳት ብቫይረስ ወይ ብባክተርያ ክስዕቡ ዝኽእሉ ረኽሲ ሳንቡእ

ኒሞኒያ (pneumonia)፡
'ብሮንካይትስ' (bronchitis)፡
'ብሮንክዮሊቲስ' (bronchiolitis) እዮም፡፡

ብዕሲ ክመጽእ ዝኽእል ረኽሲ ሳንቡእ ሳሕቲ እዩ፡፡

ኒሞሲስቲስ ጂሮቬቺ (Pneumocystis jirovecii)፡
'ስፐርጂለስ' (Aspergillus)፡
'ሂስቶፕላዝማ ካፕሱላቱም' (Histoplasma capsulatum) ከም ኣብነት ይጥቀሱ፡፡

### ኒሞኒያ

ኒሞኒያ (Pneumonia)፡ ኣብ ሓደ ወይ ኣብ ክልቲኡ ክፋል ናይ ሳንቡእ ብዘርኣ ረኽሲ ዝፍጠር ሕማም እዩ፡፡ ነድሪ ሳንቡእ ተባሂሉ ይግለጽ፡፡ ብባክተርያ፡ ቫይረስ ወይ ዕሲ (fungi) ክኸሰት ይኽእል፡፡ ብባክተርያ ዝፍጠር ሕማም ኒሞኒያ ብፍላይ ኣብ ኣፍሪቃ ብብዝሒ ዝርአ ዓይነት ናይቲ ሕማም እዩ፡፡

ኒሞኒያ ኣብ ለቓታ ንፋስ/ኣየር ናይ ሳንቡእ ማለት ኣልቬዮሊ (alveoli) ምቁጻል ይፈጥር፡፡ እቲ ለቓታ ኣልቬዮሊ (alveoli) ብፈሳሲ ወይ ምግሊ (pus) ይመልእ፡፡ ንኽተስተንፍስ ድማ ከቢድ ጸገም ይፈጥር፡ ዓለት ወይ ዓቕታ ዝፈጥር ሰዓል፡ ረስኒ፡ ረሃጽ፡ ቁራቁሪ ምባል፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ቃንዛ ኣፍልቢ ገለ ካብቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ምልክታት ሕማም ኒሞኒያ ማለት ነድራሳንቡእ እዮም፡፡ ካልኦት ምልክታት ናይቲ ሕማም ድማ ብመሰረት ጠንቅን እቲ ሕማም ዘውርዶ ክበደት ጉድኣትን ይፈላለ እዩ፡፡ ዕድመን ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕና ናይቲ ግዳይ'ውን ንኽብደትን ጠንቅታት ናይቲ ሕማምን ዝተፈላለየ ከም ዝኸውን ይገብሮ፡፡

### ፍልልይ ምልክታት እቲ ሕማም ብጠንቁ

* ብቫይረስ ዝተኸሰተ ሕማም ኒሞኒያ (ነድራሳንቡእ) ምልክታቱ ከም ናይ ጉንፋዕ እዩ ዝጅምር፡፡ ጸጽታ ዘለዎ ናይ ኣተነፋፍሳ ጸገማት ድማ የርኢ፡፡ እቲ ግዳይ ዝም ምልክታት ምስ ኣርኣየ ካብ 12 ክሳብ 36 ሰዓታት ድሒሩ ልዑል ረስኒ ከርኢ ይጅምር፡፡

* ብባክተርያ ዝኸሰተ ሕማም ኒሞኒያ፡ ብልዑል መቐት ሰብነት እዩ ዝጅምር፡፡ እቲ መቐት ልዕሊ 40.5 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (105 ዲግሪ ፋራናይት) ይበጽሕ፡፡ ብዙሕ ከም እትርህጽ፡ ከንፈርካን ጽፍሪ ኣጻብዕትኻን ድማ ሰማያዊ ሕብሪ ከም ዝሕዝ ይገብር፡፡

### ፍልልይ ምልክታት እቲ ሕማም ብዕድመ

* ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ቅልጡፍ ዝኾነ ኣተነፋፍሳ የርእዩ፡፡

* ናጽላታት/ዕሸላት ተምላስ የርእዩ፡፡ ዝኾነ ክስትዩ ወይ ክጠቡ ብዙሕ ይሽገሩ፡፡ ሓይሊ ይሓጽርዎም፡፡

* ዓበይቲ ሰባት ካብቲ ንቡር ዝተሓተ መቐት ሰብነት የርእዩ፡፡

### 'ብሮንካይትስ

ሻምብቆ ጉርጉማ ምስ ዝነድር ዝርአ ሕማም እዩ - ብሮንካይትስ፡፡ እዚ ሻምብቆ'ዚ ናብ ሳንቡእ ኣየር የእትዉ፡፡

ብሮንካይትስ ብዙሕ ግዜ ብቫይረስ እዩ ዝመጽእ፡፡ ናይ ኢንፍሉወንዛ ቫይረስ ከም ኣብነት ይጥቀስ፡፡

'ማይኮፕላዝማ ኒሞኒያ (Mycoplasma pneumonia)፡ 'ክላሚዲያ ኒሞኒያ' (Chlamydia pneumonia) . . . ወዘተ ብሮንካይትስ ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያ እዮም፡፡

### 'ብሮንካዮሊቲስ

እቲ ዝኣሰ ናብ ሳንቡእ ኣየር ዘሕልፍ ሻምብቆ፡ ረኽሲ ምስ ዘጋጥሞ ዝመጽእ ረኽሲ ሳንቡእ 'ብሮንካዮሊቲስ' ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ እዚ፡ ክትስዕልን ክተስተንፍስን ከቢድ ዝገብር ሕማም እዩ፡፡

መዓስ ናብ ዶክተር ንኺድ?

ረኽሲ ሳንቡእ ብኢጋኡ ክፍወስ ምስ ዘይክእል ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ንሰለስተ ሰሙን ዝጸንሕ ከቢድ ሰዓል ምስ ዘርኢ ወይ ሕጽረት እስትንፋስ ምስ ዘጓብሮ ናብ ሕክምና ክኸይድ ኣለዎ፡፡

መቐት ኣካላት'ውን ሓደ ካብቲ ጥዕናና ንምሕብር ዘኽእል ምልክት እዩ፡፡

**ዕሸላት**

= ክሳብ 3 ወርሒ ዝዕድሚኦም ዕሸላት መቐት ሰብነቶም ካብ 38 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ንላዕሊ፡

= ካብ 3 ክሳብ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ዕሸላት መቐት ሰብነቶም ካብ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ንላዕሊ፡

= ካብ 6 ክሳብ 24 ወርሒ ዘቖጽሩ ዕሸላት መቐት ሰብነቶም ን24 ሰዓታት ዝቐጸለ ልዕሊ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምስ ዝኸውን ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክኸዱ ይግባእ፡፡

**ህጻናት**

እቲ ህጻን ልዕሊ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ መቐት ምስ ዝህልዎ፡

ቀጻሊ ምስ ዝምልሰን ቁጨውጨው ምስ ዝበልን ከም'ኡ'ውን ርእሱ ምስ ዝሕምሞ፡

እቲ ረስኒ ን3 መዓልታት ዝቐጸለ ምስ ዝኸውን፡ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክኸይድ ይግባእ፡፡

**ኣብጽሕ**

= ልዕሊ 39.4 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ መቐት ምስ ዝህልዎ፡

= ንልዕሊ 3 መዓልታት ዝቐጸለ መቐት ሰብነት ምስ ዘርኢ፡ ረኽሲ ሳንቡእ ክህልዎ ስለ ዝኽእል ናብ ሕክምና ክኸይድ ኣለዎ፡፡

### ኣገባብ ምክልኻል

=> ኣእዳውካ ብማይን ሳሙናን ብምሕጻብ፡ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን (ጀርምታት) ንኸይላብዉ ዝገብር ዝበለጸ ኣገባብ እዩ፡፡

=> ብምሕጻብ ኣእዳውካ ከይተሓጸብካ ገጽካ፡ ብፍላይ ድማ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ዘይምሓዝ፡፡

=> ናይ መመገቢ ኣቕሑ ብሓባር ምስ ካልኦት ሰባት ዘይምጥቃም፡፡

=> ጻዕቂ ህዝቢ ናብ ዘለዎ ስፍራ ዘይምኻድ፡፡

=> ምትካኽ ሽጋራ ምቁራጽ፡፡

ገለ ካብቶም ንምክልኻል ረኽሲ ሳንቡእ ዝጠቕሙ ኣገባባት እዮም፡፡

ምንጪ፦ healthline

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ　　ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ　　ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

# እሾኽ ምስ ብልሓ ትፍጠር

ምርኢት ስነ-ጥበባዊ ኣደ-ጥበባዊ ዕዮታት፡ ሴላ መጻሕፍቲ. . . ዝኣመሰሉ ንዝፈረያ ዕዮ ጥበብ ዝሳለዩ መደባት ምኪያድ፡ ንሰራሕተኡ ሞራል ንተዓዘብቲ ባህታ፡ ንዝፖገድሉ ድማ መርሓ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ ስነ-ጥበበኛ ወጻኢት ስርሑ ናብ ህዝቢ ክቐርብ እንከሎ፡ እቲ ረኣዪ በቲ ዝረኣዮ ብዕምቈት ክድነቕ፡ ክግረም፡ ክምስጥ ምስ ዝኽእልን ልቢ ርእይቶኡ ምስ ዝህበ፡ ካብዚ ብምስጋር ነቲ ዕዮ ክውንና ምስ ዝወሰኖ ኣፍራዩን ተዓዛቢን ኣብ ሓደ መስመር ተራኺቦም ኣለዉ ማለት'ዩ። ብዙሓት ርኢኻ ጠላሕ ዘይብሉኻ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ መደባት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብደረጃ ንቕሓትካ መዚኻ ጥራይ ዘይኮነ፡ መሰረታዊ ጉድለት ኣብ ትሕዝቶ ምስ ዘጋጥመካ፡ እቲ ዕዮ ጌና ደረጃ ስነ-ጥበብ ከም ዘይበጽሐ ክትርድእ ትኽእል። ኩሉ ብስም ስነ-ጥበብ ዝፈረየ ስነ-ጥበባዊ ጸጋዊ ኣለዎ ማለት ስለ ዘይኮነ።

ናብቲ ዘበገሰኒ ዛዕባ ክበልኩ። ዝሓለፈ ሰሙን ኣብታ ብዙሕ እዋን ዝተፈላለየ መደባት ምርኢት ስነ-ጥበብ እተኣንግድ 'ኣርት ጋለሪ' - ከቢ ሆቴል ንያላ - ከላግስ ዝሰሓበ ምርኢት ተዓዚበ። ንኣወሃሃድቲ ሓቲተ ምስቲ ምርኢት ካብ ዝገልጽ መላለዪ ጽሑፍ እዚ ዝስዕብ ኣንበበ፤

"እዚ ምርኢት'ዚ ምስ ኣቐዲምና ዘኣንገድናዮም ኣርባዕተ ምርኢታት፡ ብቕዲ፡ ጥረ-ነገራት. . . ዝተፈልየ እዩ። ኣብቲ ዝሓለፈ ዘቕረብናዮ ካብ ሓጺን ዕንጨይቲ፡ ከምኡ'ውን ካብ ዝተፈላለየ ዓይነት ፋብሪካስ ዝተሰርሐ'ዩ ነይሩ። እዚ ሕጂ ቐሪብናዮ ዘሎና ትሕዝቶ ግን ብኢድ ዝተሰርሐ ወጻኢት ቁርበት'ዩ። ናብዚ ናይ ቁርበት ስርሓት ዝሰገርናሉ ብፍቶትን ብመደብን ኣይነበረን። ኑቲ ኣብ 2019 ዘጋጠመ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ዝፈጠሮ ዕጽዋ ንምብዓህ ዘበገስናዮ ሓሳብ'ዩ። ኣብዚ ኣብ ናይ ቁርበት ስርሓት ኣድሂብና ንሰርሓሉ ዘለናና እዋን ንሕብረተሰብ ይጠቕም'ዩ ዝበልናዮ በሸሓት ዝቖጻር መሕጸቢ ኢድ ጉማታት [ብዮጊ ጉማታት] ኣዳሊና ኣብ መዓላ ኣውዒልናዮ ነይርና።. . ."

ዝ ኣንበበ ንብዓል ውራይ ረኺበ፡ ብዛዕባ ኣበጋግሳኡ ተወሳኺ ሓሳብ ክህበኒ ሓቲተዮ። "እቲ ለበዳ ሕማም ኮቪድ ዝፈጠሮ ግዱድ ዕጽዋ፡ ኣዕሚቕና ክንሓስበን ክንሰርሕን ዝደረኸ'ዩ ነይሩ። ዝ ሕጂ ንምርኢትን መሸጣን ቐሪብናዮ ዘለና ናይ ገዘኡ-ርእሱ ፍሉይነት ዘለዎ ስርሓት ክንዓምም ኣስታት ሰለስተ ዓመት ወሲዱልና። ኑቲ ግዜ ብዙሕ ሰሪሕናሉ" ይብል ኣዳላዊ ናይ'ቲ ምርኢት የናታን ተስፋይ።

ኑቲ ስራሓት ዘርና ተዓዚብናዮ።





ማብቊላውነት፡ ሓድሽነት፡ ፍሉይነት፡ ፈጠራውነት ብቐሊሉ ክንዝሞከር ኣይተጸገምናን። ብምንታይ፡ ስለምንታይ፡ ንምንታይ ዕላማ ዝብሉ ሕቶታት ኣብቲ ምርኢትን ካብ ኣዳላዊኡን ረኺብናዮ። "ብቐንዱ ኮቪድ ዘጠሮ'ዩ። ኣነ ኣብ ናይ ዕንጨይቲ ዕዮ እየ ዝሰርሕ። ኮሮና መጺኡ ምስ ተዓጸና፡ እቲ ዝበረና ስራሕ ከኣ ምስኡ ተዓጽዩ። ዕዮ ሓጺን ደው ምስ በለ፡ ብቐሊሉ ክዝውር ዝኽእል ዝበርኩ ዕዮ ቁርበት ጀሚረ። ፈለማ ንውልቃዊ መዓላ እተገልግሎ ቦርሳ ክሰርሕ'የ ሓሲበ። ምስ ሰራሕኩዋ ስለ ዝፈተኹዋ ብኡ ኣቢለ ቐጺለዮ" ይብል የናታን ኑቲ ከበድ እዋን ዕጽዋ ብምዝካር።

የናታንን ብጾቱን ኣብቲ ለበዳ ሕማም ኮቪድ ዝተራእየሉ ፈላሚ እዋን ኣስታት ኣርባዕተ ሽሕ ዝኸውን መሕጸቢ ኢድ ጉማታት ሰሪሖም ብጻ ንህዝቢ ዓዲሎም። እዚ ናይ ወለንታ ስራሕ'ዚ ከም ሓሳብ ምስ ኣበገሱዎ፡ ኢድ ምሕጻብ ቀንዲ ተደላዪ ንጥፈት ኣንጻር ኮሮና ስለ ዝነበረ፡ ንሱብ ብዘጥዕምን ብዘቐለለ መንገዲን ዝሰራሕ ጉማታት ኣዳለዉ። "ኩሉ ሰብ ዓቕሙ የብርክት ስለ ዘበረ፡ ንሕና ብዓቕምና እንታይ ክንገብር ንኽእል ዝብል ሓሳብ ኣበጊስና። እዚ ብዮጊ ናይ ዘይቲ ጉማ፡ ንሱብ ብዘጥዕም መንገዲ ከሰዕልዎ ንኽእል ኢና ዝብል ሓሳብ መጺኡና። ኑቲ ጉማታት ኣንኩልና፡ ናይ ፒሮ ሻምብቆ ኣእቲና ንተጠቃሚት ብዘጥዕም ኣዳሊናዮ። ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባር ድማ ንህዝቢ ዓዲልናዮ። ማዕረ-ማዕረ'ቲ ምዕዳል፡ ኑቲ ሰብ ብሓፈሻ ብቐሊሉ ብኸመይ ከም ዝሰራሕ'ውን ኣርኢናዮ ማለት'ዩ። ኣብ ማዕከናት ዜና ስለ ዝተፈነወ ኸኣ ካብዚ ተበጊሶም ብዙሓት ሰባት ባዕሎም ሰሪሖም ተጠቒሞም" ይብል የናታን።

ብድሕሪ'ዚ፡ ዕጽዋ ምስ ቀጸለ፡ እንታይ ክንገብር ንኽእል ዝብል ሓሳብ ምስ መጽኦ'ዩ የናታን ኣብ ናይ ቁርበት ስራሓት ከተኩር ዝሓሰበ። ንውልቃዊ መዓላ እትኾኖ ካብ ቁርበት እትስራሕ ቦርሳ ምስ ሰርሐ ድማ'ዩ ካልእ ሓሳብ ዘማዕበለ። ኑቲ ሓሳብ ከም ርእሱ ዝኸኣለ ስራሕ ክሕዞ ምስ ወሰኑ ምስ ኣብ ቁርበት ኣፍልጦ ዘለዎም ተራኺቡ ዘድሊ ሓበሬታ ኣከቡ፡ ዝኣክል ሓበሬታን ጥረ-ነገርን ምስ ረኸቡ ኑቲ ናይ ኣደ-ጥበብ ዕዮ ብወግዒ ፈለሞ። ካብታ ንውልቁ ኢሉ ዝሰርሓ ቦርሳ ተበጊሱ፡ ብርክት ዝበለ ዝተፈላለየ ቅርጻን ቅድን ሕብርን ዓቐንን ዓይነትን ዘለዎ ኣደ-ጥበባዊ ፍርያት ኣፍረዩ። ብዝሕን ዓይነትን ዘዕግብ ኩይኑ ምስ ረኸቦ ኸኣ ምስ ህዝቢ ከላልዮ መደበ።

"እዚ ስራሕ'ዚ ሰለስተ ዓመት ኣብሉ ወሲዱ። ብምሉኡ 'ቲ ፍርያት ብኢድ ዝተሰርሐ'ዩ። ማሽን ዝሓለፎ የለን። ኩሉ ብኢድ ተሰፊዩ፡ ብኢድ ነኺሉ፡ ብኢድ ዝተወድአ ስራሕ'ዩ" ዝበሎ የናታን ሰሚዐ፡ ምስ ጸባቒን ጽፈትን ናይቲ ስራሓት ኣነጻጺርካ ብምዕቡል ማሽነ'ምግባር ብኢድ ጥራይ ተሰሪሑ ክትብል ኣይትደፍርን። ከምኡ ካብ ኩሉ ብዙሕ ዓቕልን ግዜን ከም ዝሓተት ርዱእ ይመስለ። ግን ከኣ "እሾኽ ምስ ብልሓ ትፍጠር" ከም ዝበሃል፡ ብዙሕ ናይ ምብልሓት ክእለት ዝሓለፎ ዕዮ ምዃኑ ትግምት።

ቅርጻን ቅድን ናይቲ ዕዮታት ፍሉይነት ካብ ዝህብዎ ባእታታት'ዩ። ኩሉ'ቲ ቕድን ቅርጻን ካብ ባዕላዊ ምብልሓት ምስ ግዜ ዝማዕበለ ምዃኑ'ዩ ዝገልጽ የናታን። "ዝተደግመን ተመሳሳልን ዲዛይን'ውን የብልናን፤ ኩሉ ድማ ኣብ ማስርሕ ዘማዕበልናዮ እዩ" ክብል ይገልጽ።

እቲ ዋና ጥረ-ነገር ቁርበት'ዩ። እቲ ዕዮታት ከኣ ጸባቒ ቁርበት ዘርኣየ ነይሩ። ኩሉ ካብ ወሽጢ ዓዲ'ዩ። ኣብ ገሉ-ገለ ስወጢ ኣብ ሕብረታት ክዝብሩ ጥራይ እዮም ሕብሪ ካብ ደገ ኣምጺኦም። ኣበጋግሳ ሓሳቡን ቀንዲ ሰራሕኡን የናታን ተስፋይ ኩይኑ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት - መሳርሕቱን ኣዕሩኽቱን - ከም ዝተሓባበሩዎ ይገልጽ።

ዝጠዝለ ካብቲ ንምርኢት ዝቐረበ ስራሓት ወጻኢት ቁርበት'ዩ። ገለ ውሑድ ካብ ዕንጨይትን ሓጺንን ዝተዓለወ ኸኣ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ሓምሓም ወቂቡን ተሰሊሉን ብመልክዕ ቦርሳ ቐሪቡ። ኑቲ ሓምሓም ብውሽጡ ጨርቂ ሸፊኖም፡ ብደገኡ ብቑርበት ኣጸቢቖም ኣገምጂዮሞ - ከም ቦርሳ ከም ዘገልግል ድማ ገይሮም። "እዚ ሓድሽ ፈተነ'ዩ። ዝ ናይ ሓምሓም ቦርሳ ምስ ዘርያ ክሳ ይኽእል'ዩ ኢልና ዝሰራሕናዮ እዩ" ይብል የናታን።

ኑቲ ስራሓት ምስ ተዓዘብኩ፡ ማስርሐኡ ቦታን መሳርሒታትን ክትሓስብ ግድን ይኾነካ። ኣብ ሓደ ዕብዩ ዝበለ ምዕቡል ማስርሒ ቦታ ተሰሪሑ ይኸውን ኢለ ሓሰብ'የ ንየናታን ሓቲተዮ። "ዝ፡ ኣብ ሓንቲ ዝተጻበበት ክፍሊ፡ ኣብ ሓንቲ ጣውላን ሓንቲ ሰድያን ኢና ሰሪሕና። ኣብ ንእሽተይ ገዛ ኳንካስ ብዙሕ ነገር ክትሰርሕ ከም ዝከኣል'ዩ ዝርእየና። ቦታ የለን ኢልካ ክትዕንት የብልካ" ዝብል መልሱ ካብ ጸበት ኣእምሮ የድሕንና ዝብል ነበረ።

እዚ ክውንነት'ዚ ንብዙሓት ዓቢ ትምህርቲ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ዝሰርሕ ርእሲ'ምግባር ማስርሒ ቦታ ጥራይ ከም ዘይኮነ ድማ ይምስክር። ቦታ ዘይብሉ ዝከኣሎ ምግባር፡ ዓቢ ነገር ክትገብር ከም ዘኽእሎ የዘኻኽር። "ኩሉ ግዜ ኣብቲ ስራሕ ክትህሉ ኣለካ። ከምዚ ገለ ሰባት ሙደይ ኣይመጽኣን ኢሎም ስራሕ ዘቑርጹ ከየቋረጽካ ብቐጻሊ ኣብኡ ክትህሉ ኣለካ። ሰብ ካብ ከምዚ ኣተሓሳስባ ክወጽእ ኣለዎ ዝብል መድረዳእታ ኣለኒ። ወጥሪ ይኹን ጸቕጢ ወይ ዝኾነ ነገር ይሃልኻ ኩሉ ግዜ ኣብ ቦታ ስራሕካ ክትህሉ ኣለካ። ናይ ግድን ኣይኩንካ ክትሰርሕ፣ ካብቲ ስራሕ ወጻኢ ኢልካ ክትሓስበ'ውን ትኽእል። ካብቲ ክሊ ዕዮኻ እንተ ዘይርሒቕካ፡ እቲ ምትእስሳር ኣይርሕቐን'ዩ። ሙድ ብርግጽ ግዲ ኣለዎ፣ ስራሕካ የቐላጥፈልካ፡ ጸቡቕ ነገራት የስርሓካ'ዩ። ሙድ የብለይን ኢልካ ካብ ስራሕ ምርሓቕን ምብኳርን ግን ጸቡቕ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ብዙሓት ስነ-ጥበበኛታት ዝርአ ይመስለኒ" ይብል የናታን። ኣብ ክንዲ ትርሕቕ ናብ ካልእ ፍኸሰ ዝበለ ስራሕ ክትቅይር ይሓይሽ ዝብል መረዳእታ ድማ ኣለዎ። "ሕጂ ኣነ ብዙሕ ነገራት ኣለኒ፤ እቲ ናይ ስራሕ ሙድ ምስ ዝኣብየኒ፡ ፒያኖ እጻወት፣ ስእሊ እስእል፣ ኣሰራርሓ መግቢ ተማሂረ'የ - መግቢ እሰርሕ፣



ወዘተ. ናይ ግድን ኣይኩንካ ኣብታ ዝሰርሓ ዘለኹ ክደርቕ፡ ቁርበት ስለቸወ ክበልዕ፡ እንተሎስ ናብዚታት እቕይር። ወይ ከኣ የንብብ፡ ግጥሚታት ምንባብ እፈቱ'የ። እዚ ናታትኩም ግጥሚ ዳርጋ ኩሉ ኣንቢበዮ እየ" ብምባል፡ ሙድ ክኣብየና እንከሎ መሰሳ ዝፈጥሩልና ንጥፈታት ከሊይድ ሓሳብ የቕርብ።

የናታን ካብ መሰረቱ ኣብቲ ኣብ ጉዳም ዝበረ ምርክ ሾፕ እዩ ምስ ስራሕ ተላሊዩ። ብንእሱ ብዝሓደሮ ናይ ስእሊ ፍትወት ከኣ ምስ ስነ-ጥበብ ተላሊዩ። ኮቪድ ዝደረኾ ናብ ምስራሕ ቦርሳን ካልእ መጸብበቒታትን ኣበለ፡ ብቐንዱ ናይ ክራፍቲን ዕዮ እዩ ዝሰርሕ፡ ኣብ ቀጻሊ እኹል ግዜ ኣብ ዝረኸበሉ እናሰርሐ፡ ናብቲ ናይ ክራፍቲን ዕማም ተመሊሱ ብምስራሕ ምርኢት ከካይድ ናይ ነዊሕ መደብ ኣለዎ።

ናብዚ ሞያዚ ክኣቱን ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምርኢት ኣደ-ጥበባዊ ስራሕቲ ከካይድ ምብቃዑን ንሞያኡ ዝሓገዞ ትምህርቲ ተኸታቲሉ እንተ ነይሩ ክሬልጥ ተወኪሰዮ። ምስዚ ዘቕረቦ ምርኢት ዝተሓሓዘ ዝኾነ ትምህርቲ ኣይተኸታተለን። "ብሓፈሻ ኣርት እየ ተማሂረ። እቲ ትምህርቲ ንቕዲ ቦርሳታት ኣብ ምውጻእ ይሕግዘ'ዩ። ግን ካብ ትዕዝብትን ባዕላዊ ድሌትን ዝበገሰ'ዩ። ኑቲ ቕርጺ ናይቲ ቦርሳታት ክትነድፍ ኣብ ሰለስተ ወረቓት ክትስእሎ ኣለካ፣ እቲ ኣብ ምስኣል ዘጥረኹዎ ዓቕሚ ኣብዚ ይሕግዘ፣ ሕንጻጻት ጌርካ ኣብ ወረቓት ምስኣልን ኑቲ ዓቕን ብዋበእ ምንዳፍን የድልየ። እምበር ዝ ዝምልከት ብፍሉይ ዝተማሃርኩዎ የለን" ይብል።

ኣብ ዝኾነ ስራሕ ሕጽረታት ኪጋጥም ይኽእል'ዩ። እቲ ዝዕወት ግን እቲ ክንዮ ሕጽረታት ዝሓስብ ኣእምሮ'ዩ። ከምዚ እንተ ዝህበረ፡ ከምዚ ምገበርኩ ዘይኩነስ፡ እዚ ኣምጺአ ከምዚ ክገብር'የ እዩ ዝዕወት። "ሕጽረታት መለኡ'ዩ። ግን ኑቲ ትሰርሖ ትፈትዎ፡ ትሞትሉ እንተ ኴንካ ንዕኡ ኢልካ ዘይግበር ነገር የለን" ዝብል መረዳእታ ሓዚ'ዩ ኑቲ በዓል'ዋኑ ዘጋጠሞ ሕጽረት ፕዝዝበን ጥረ-ነገርን ክሰዕሮ ዝጸቐዐ።

ናበይ ንምብጻሕ'ዩ እቲ ጉዕዞ? እዚ ቐረቡ ዘሎ ስራሓት ኣደ-ጥበብ ብዘሰፍሐን ዝጠዝሐን ዓቐን ተዳልዩ ኤርትራዊ ፍርያት ኩይኑ ኣብ ዓበይቲ ማእከላት ዕዳጋ ዓለም ክንርእዮ ርሒብ ተኽእሎ ኣሎ። ኣርማ 'ሜሪስ' ዘለዎ፡ ኤርትራዊ ማብቊል፡ ኤርትራዊ ፍርያት፡ ኤርትራዊ ምስሊ ዝተሓንጎጣ ሞዴላት ኣብ ሃገርና፡ ዞባና፡ ኣህጉርናን ዓለምን ክንርእየሉ ዘይንኽእል ምኽንያት ከኣ የለን። እዚ ብድኑታት ዓቕሚ ጸቡቕ ስራሓት ንምርኢት ዘቕረበ መንእሰይ፡ ብዘሰፍሐን ዝማዕበለን መስርሒታት ብሉጽ ፍርያት ከፍሪ እቲ ዓቕሚ ኣብ ኢዱ ከም ዘሎ ይርኣየካ።

"እዚ ናይ ቦርሳ ስራሓት 'ሜሪስ' ዝብል ስም ፍርያት ሂብናዮ ኣሎና። ኣብ ናይ ቁርበት ስራሓት በዚ ስም'ዚ ዝሓሸን ዝማዕበለን ፍርያት ክንሰርሕ መደብ ኣሎና። ብድሕሪኡ ናበይ ከም ንኸይድ ክንርእዮ ኢና፣ ዓቢ መደብ ግን ኣሎና። ኣይክንበኮርን ኢና፣ እናሰራሕና ክንክይድ ኢና። ስራሕና ኸኣ መልስን መዕለብን ክህበና'ዩ።"

'ሜሪስ' ዝብል ቃል 'ውርሻ' ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ዝኾነ ነገርን ሰብን ይወራረስ ምኽንያቱ'ዩ ዝኣምን የናታን። እናተወራረሰ ኸኣ'ዩ ቀጻልነቱ ዘረጋግጽ። ኣብ ዓድና ስኣን ምውርራስ ዝተፈላለየ ጥበብ ጠፊኡ'ዩ ዝብል መረዳእታ ድማ ኣለዎ። ዕዮታት ኣደ-ጥበብ ክመሓላለፍ ኣለዎ ካብ ዝብል መረዳእታ እዩም ሜሪስ ዝመረጸ። "ምሳይ ዝለዉ መንእሰያት እቲ ዝፈልጦ እናመሃርኩዎም'የ ዝኸይድ። ኣነ ካብ ኣቦይ፡ ኣቦይ ካብ ኣቦሓጉይ ዝወረስናዮ ጥበብ፡ ናብ ዝቕጽሉ ከውርሶ ኣሎና'የ ዝብል። ብኸምኡ ኸኣ እሰርሕ። ካብ ኣቦይ ሞያ ዕዮ ሓጺን ተማሂረ፣ ኣነ ኸኣ ናይ ዕንጨይትን ቁርበትን ወሲኸሉ - ጌና'ውን ክወሰኽ'የ ዝደሊ - ዝቕጽሉ ኸኣ ይወስኹሉ። ዝም ንኣሸቱ መሰረት እንተ ኣትሒዝናዮም ንሳቶም ክቕጽልዎ ይኽእሉ እዮም።"

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ‘ምስ ወለድኺ ክትላዘቢ’ እመኽረኪ!

ሓንቲ ብሪጣንያዊት ኩተቲ፡ ዶክተር ኪላን ናብ ዘተባህለት ክኢላ ሱ ልቦና ሓደ ሕቶ ኣቕሪባ፡ እቲ ዘቕረበቶ ሕቶ፡ ወለዳ ኣብ መንጎኣን ሓዋን ዝተፈላለየ ኣመለኻኽታ ከምዝለዎም ዝገልጽ ኩነት ከምዚ እዩ ዝንበብ– “ጓል 15 ዓመት ጎርዞ እየ፡ ሎሚ ሎሚስ ኣብ ቤተይ እንክለኹ እዩ ብሕትውና ዝስምዓኒ ዘሎ። ‘ኣብ ግዛ ወጻኢ ወጻኢ’ ዝብል ስምዒት’ውን ይሓድረኒ ኣሎ። ናብ ከምዚ ኣውዲቑኒ ዘሎ ጠንቂ ከኣ - ወለደይ ቀንዲ ኣደህቦኦም ናብ ወዲ 13 ዓመት ንእሹ ሓወይ ብምግባሮም’ዩ። ከሉ ኣደህቦኦም ኣብኡ ስለዝገበሩ፡ ንዓይ ብዙሕ ግዜ ምስ ረሰዕኒ እየ ዝስምዓኒ። ንምንኣሰይ ሓወይ ልዕለይ እናፈተዉ የሸምሩኒ ኣለዉ። ከርመካ ዶክተር ኪላን ንሱ እቲ ኣውራ ፍቱዎም እዩ።

ኣብ ስፖርት ኣዝዩ ንፉዕ’ዩ፡ ንሱ’ዩም ድማ ስፖርት ኣዘዩምየም ዝፈትወ። ናብ ዝተፈላለየ ውድድራትን ኢጋጥሚታትን ሓዚሞምዎም ዝኸዱ። ንዓይ ግን ወራይ ትምህርትኺ ግበሪ እናበሉ፡ እዛ ጠሞተ’ኳ ንጋዶ ከለኦምኒ ኣለዉ። ኣብ ገለ ግዜ ‘እንተዘይፍጠር ነይረ’ ዝበለሉ እዋናት ኣሎ። ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ውድድር ስፖርቱ ተሳቲፈ ዓተዊተ፤ ብዙሕ ኣየድነቑኝኒ፡ ሓወይ ኣብ ስፖርት እንተተዓዊቱ ግን ሓገሶም መግለጺ’ዩም ዘይኣለሉ። ንኹላ ቤተሰብ ቴሌፎን ብምድዋል የበስሩዎ። ስለዚ፡ ኣብ ገዛእ ገዛይ ብሕትውና ይስምዓኒ ኣሎ። ብኸመይ ንወለደይ ከምዝዛረቦም ሓርቢቱኒ’ዩ ዘሎ። ‘ብዙሕ ጠመተ ትህቡኒ የለኹምን፡ ቀንዲ ጠመተኹም ኣብ ሓወይ’ዩ ዘሎ’ ኢለ እንተዝብሎም ከኣ፡ “ተጸሊልኪ ኢኺ ማስሊ” ዝብል መልሲ ብምህብ ከምዘጸግሪ ይርድኣኒ’ዩ። ስለዚ፡ ዘኸበርኪ ዶክተር ኪላን፡ ከም ክኢላ ኣፈታትሓ ማሕበራዊ ጸገማት፡ ምኽርኺ ለግስለይ።”




ኣብ ገለ ስድራቤታት ሃገርና’ውን ከምዚ ዓይነት ጸገማት ይረኣዩ። ገሊኦም ወለዲ ብፍላጥ’ዩ ክበሃል እኳ ዘኽኣል እንተዘይኮነ፡ ኣብ መንጎ ደቆም ናይ ጠመተ ወይ ኣረኣእያ ፍልልይ ክገብሩ ትዕዘብ ኢኻ። ንሓደ ወይ ንሓንቲ ሕልፊ ኣሕዋቱ ወይ ኣሕዋታ ገለ ሓለፋታት ክገብሩ ይረኣዩ። ብሰንኪ’ዚ ከኣ ኣብ ደቆም ዘደስ ምጥምማት ይኸሰት። ወለዲ ‘ዚ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ብኣጋኡ ክቖጻጸሩ ዘለዎም ምኽንያቱ እናዘኻኸርና፡ ናይ’ቲ ዶክተር ኪላን ብጽሞና ኣንቢባ ዝሃበቶ መልሲ ጸማቝ ተርጒምና ነቕርበልኩም - ሰናይ ንባብ።

“ዘኸበርኪ ሓታቲት፡ ብቐዳምነት ጸገምኪ ንምፍታሕ ናብ ከምዚ ከማይ ዝኣመሰሉ ክሕግዙኺ ዝኽእሉ ምህራት ምውካስኪ ከማየሸኪ እየ። ወለዲ ንደቆም ብማዕረ ጠመተን ኣልያን’ዩም ክዕብዩዎም ዘለዎም። ወለድኺ ግን ሕማቕ ኣጋጣሚ ኩይኑ ሓለፍቶዮም ዘንጊዖም ኣለዉ። ብዘኾኑ ነቲ ዘንጸብርቖዎ ዘለዉ ጌጋ ብወገንኪ ተሰፋ ከይቁረጽኪን ሞራልኪ ከይጉደለን ከተረድእዮም ክትጽዕሪ’ዩ ዘለኪ። እቲ ምንታይሲ ዛቢት ዝኾነ ነገር ስለዘይተዛረብክዮም፡ ከምዚ ዝበልክዮ ይገብሩኺ። ምህላዎም ዘይክስተውዕልዎ ይኽእሉ እዮም። እቲ ፍታሕ ግን እንተተዛራሪብክዮም ጥራይ’ዩ ክመጽእ ዝኽእል። ምናልባት’ውን ኻ ጓል 15 ዓመት ስለዝኾንኪ፡ ኣብ ልዕለኺ ናይ ተርባጽ ቀላሕታ ዘጽድልዮም ምኽንያት ኣሚናም ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ምዝራብ ማሰሪታዊ መፍትሒ እዩ። ምዝራብም እንተደኣ ኣሕፊሩኪ ኣፍሪሑኪ ግን እዛ ምኽሪ ደሊኺ ልኢኽኪያ ዘለኺ ደብዳቤ ክትህብዮም ትኽእሊ ኢኺ። ከም’ቲ ጠቒስክዮ ዘለኺ፡ ኣብ ልዕለኺ ልክዕ ከም ሓውኺ ኩርዓት ከም ዘይስምዖም ገሊጽኪ ኣለኺ። ንዓይ ከም ኣደ ማጠን እዚ ክስምዕ እንክለኹ ኣዝዩ እዩ ልበይ ዝሰበረኒ። ከምዚ ምባለይ ንዓኺ’ውን ሕማቕ ስምዒት ክፈጥረልኪ ይኽእል’ዩ። ብዘወሰኺ፡ ከም ኣደ ኩይነ ክርእዮ እንክለኹ፡ ደይ መደይ ኢሎም ይገብሩዎ ኣለዉ ኣለ ክድምድም ይኸብደኒ’ዩ። ሓደ ክትርድእዮ ዘለኪ ነጥቢ ድማ ኣሎ። ወለዲ፡ ደቆም ናብ ኩትትና ከምዕበሉ፡ ክዓብዩን ርእሶም ክኽእሉን እንክለዉ፡ ይዓብዩ ምህላዎም ደርስዎ እየም። ኣብኡት ናይ ገዛይ ክህበኩ። እቲ ዝዓበየ ወደይ፡ ወዲ 23 ዓመት ኩይኑ - ኣብ ስራሕ ዓለም ዝርከብ ዘሎ’ዩ። ኣነ ከም ወላዲቱ ማጠን እኸል ጠመተ ወይ ኣደህቦ እንተዘይሃብኩ፡ ቀልጢፉ’ዩ ዝሕብረኒ። ስለዚ፡ ወለድኺ እንታይ ከምዝስምዓኪ ክፈልጡ ስለዘለዎም፡ ንስኺ ቀልጢፍኪ ክትሕብርያም ኣለኪ። ምስ ሓበርክዮም ፡ ነቲ ጸገም ሓቢርኩም ክትፈትሕዎ ዘጸግም ኣይክህሉን’ዩ።” ክትብል እቲ እኽሊ መፍትሒ ጸገማት፡ ምዝርራብ ወይ ምብህሃል ምኻኑ መኺራታ።

## ካብ ኣዕኑድ ምዉቕ ሓዳር

ሎሚ ካብ ማንም ንላዕሊ ዝምድና ሓዳር ሓያል ስራሕ ዘድልዮ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ዝጠዘሉ ሓያስቲ መጻምድቲ፡ ሕጉሳትን ኣብርን ዝምድና ክህልዎም’ዩም ዝምነዩ። እንተኾነ ‘ኣደኻ ከምዝለኣኸትካ ዘይትሓስ ዕዱጋ ከምዝጸንሓካ’ዩ” ከም ዝበሃል፡ እቲ ዝደልይዎን ዝምነዩዎን ኩሉ ግዜ ግብራዊ ኮይኑ ኣይረኽብዎን። እቲ ምንታይሲ ሕጉስ ሓዳር ብድሆታትን ጸገማትን ሰጊርካ ዝዐጽሕ ማሰርሕ ብምዃኑ። መጻምድቲ ቀለልቲ መምርሒታት ተኸቲሎም ዝምድና ሓዳሮም ትርጉም ዘለዎ፡ ሓጎስ፡ ፍቕርን ቀጻልነትን ዘለዎ ክገብሩዎ ይኽእሉ’ዮም። እቶም መምርሒታት ድማ እዞም ዝስዕቡ’ዮም፦



1\. ኩሉ ግዜ መጻምድኻ ንዘውስዶ ሰገምቲ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ይኹን ኣብ ውልቂ ሓገዝኻን ኣኽብሮትኻን ግለጸሉ። ርጉጽ’ዩ ምኽንያት ብዘለዎ ዘይክትሰማማዕ ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ግን ኩሉ ግዜ ብፍቕሪን ብዘይ ክርክርን ኣብ ውልቅኹም’ዩ ክግበር ዘለዎ። ኑቢሲወኩቡም ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ኸትኩም ውልቃዊ ርእይቶታት ክህልወኩም ንቡር ምኻኑ ምስትውዓል የድሊ። ጌጋ ወይ ሓቂ ተባሂሉ ዝኣኣለን ምኽንያት ማብኣሲ ዝኾውንን ርእይቶ ድማ የለን። ይልበ ይንኣስ ዝኾነ ርእይቶ ጥቕሚ ከምዘለዎ ምፍላጥ።

2\. ንመጻምድኻ እሙን፡ ከም እትኣምኖ ድማ ብግብሪ ኣርእዮ። ኩሉ ግዜ ብዘኹኣሎ ብምሉእ እምነት ኑቲ ቓሉ ክትገብር ምኻንካ ኣረጋግጸሉ።

3\. ኩሉ ግዜ ንመጻምድኻ ህሉው ምኻንካ ኣፍልጦ።

4\. ክትገብሩዎ እትኽእሉ ዘበለ ሓቢርኩም ግበሩዎ።

5\. ሊጋሽን ኣደናቒን ኩኑ፡ እዚ ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ይኹን ብውልቂ ግበሮ።

6\. ክትሕግዞ እንተ ዘይተኣፊዙካ መጻምድኻ ጸገማቱ ባዕሉ ክፈትሕ ዕድል ሃቦ።

7\. ዋላ ምስቲ መጻምድኻ ዝሀቦ ርእይቶ ኣይትሰማማዕ ዝረብኡ ግን ኩሉ ግዜ ጽን ኢልካ ስማዕ።

8\. ኣማራጺታት እናሃብካ ንመጻምድኻ ናይ ምትብባዕ ባይታ ፍጠረሉ።

## ሓገዝቲ ሓሳባት ኣብ ሓዳር

ኣብ ሓዳርካ፡ ፍጹማት ኮይናም ዝጅምሩ መጻምድቲ የለዉን። ምኽንያቱ፡ ሓዳር ኣብ ብዙሓት ክእለታትን ተመኩሮታትን ዝምርኮስ ብምዃኑ። ንኣብነት፡ ንገዛእ ርእሰኻ ክትርድእ ምኽኣል፡ ንመጻምድኻ ክትርድኦ ምኽኣል፡ ኣብ ገዕዞ ጸበቕ ገይርካ ምቅላስ፡ ዝጋጥሙኻ እንተታት ወትሩ ድሉው ሱኣእምሮኣዊ ኣቃውማ ምስራዕ፡ ጸገማት ክትፈትሕ ምኽኣል . . . ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።


ገለ ግዜ፡ ምስ ስድራቤትና ክንዓቢ እንክለና እንመሃሮም ኣገባባት ኣብ ሓዳርና’ውን ከይዘውትሮም ንደሊ ኢና። እዞም ዝዓበናሉም ኣገባባት (ባህሪያት) ግን ኣብ ልዕሊ መጻምድና ኣብ እንገጽብርቖሉ እዋን፡ ዘይወጽኢታውያን ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም። ዝ ካብ ዘይምርዳእ ኩኑ ገለ መጻምዲ ኑቲ ኣብ ስድራቤቶም ዝዓበዩሉ ኣገባባት ኣብ ልዕሊ ሓዳሮም (መጻምዶም) ክተግብሩዎ ስለዝርኣዩ፡ ኣብ ሓዳሮም ኣብ ዘይምርድዳኦም ባእሲን ይኣትዉ። እዚ ዘረድኣና፡ ኣብ ልዕሊ ሓዳርካ ውልቃዊ ባህሪያትካ ምንጽብራቕ ፍጹም ክኸውን ዘይግብኦ ምኻኑ እዩ።

ስለዚ፡ ዝዓበኻሉ ባህሪያት ኣብ ሓዳርካ ዘይሰርሕ እንተደኣ ኮይኑ፡ ብዘቖልጠፈ ክተወግዶ፡ ምስ መጻምድኻ ብሓባር ከስርሓኩም ዝኽእል ኣገባብት ክትክተልን’ዩ ዘሎካ። እንተዘይኮይኑ፡ ዋላ ቀሊት ዘለዎ ሓዳር ይሃሉኻ፡ ኣብ ሂወት ግን - ሓደ ነገር ኣጉዲልካ ከምዝለኻ ስለዝገብረካ፡ ጸቕጢ ፈጢሩ፡ ሕጉስ ሓዳር ኣለኒ ክትብል ናብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ’ዩ ዘብጽሓካ።

ኣብ ሓዳር ዝጋጥሙ ጸገማት ክፍወሱ እንተደኣ ኮይኖም፡ ኑቶም ኣብ ሓዳር ከስርሑና ዝኽእሉ ክእለታት ክንማሃሮም’ዩ ዘለና። ንኣብነት፡ ንምብህሃልን ጸገማት ንምፍታሕን ምምሃር የድሊ። ምስ መጻምድኻ ሃሲያ ከየውረድካ ብኸመይ ክትቋጾሞ ትኽእል’ውን ንባዕሉ ተመኩሮ ዘድልዮ እዩ። ከምኡ’ውን ክልቲኻ መጻምድቲ ናይ ምብህሃል መድረኽ ፈጢርካ ብዛዕባ ጸገማት ሓደ ብሓደ ክትዘራረቡን ፍታሕ ክትረኽቡሉን ኣሎኩም። ጸገማትካ ክውሕጡካ ኩተፍቅደሉ ኣይግባእን። በዲል ሞያ ምውካስ’ውን መጻምድቲ ክትረዳድኡሉም ዘይክኣልካ ነጥብታት መፍትሒ ክትረኽቡሉ ይሕግዘካ እዩ።

## “ጸቕጢ ደም ዘለዎም ኣባላት ስድራ-ቤት፡ ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉኦ ክምገቡ ኣለዎም” ክኢላታት

ኣደታት፡ ንስድራ-ቤት ዝኸውን መግቢ ኣዳልየን ዘቕርባ እየን። ስለዝኾነ፡ ዓቕን ናይቲ ዝሰርሓኦ ዓይነት መግቢ ምስ ጥዑይ ኣመጋግባ ዝሰማማዕ ምዃኑን ዘይምዃኑን ከረጋግጻ ሓላፍነት ኣለወን። እዚ ማለት፡ እቲ ዝኸሸናኦ ወይ ዘዳለዋኦ ዓይነት መግቢ መኣዘዊ ትሕዝቶኡ - ማለት ዓቐን ፕሮቲኑ፡ ስብሒ፡ ካርቦሃይድረትን ቫይታሚንን ፈሊጠን ከዳልዋኦ ዘለወን ብምዃኑ፡ እዛ እትስዕብ ጽሕፍቲ፡ ዝ እትምልከት ኮይና፡ ተመራመርቲ ብመጽናዕቲ ዘረጋገጽዎ ወጽኢት’ዩ። ብፍላይ ኣደታት ድማ - ከስተውዕላ እናዘኻኸርና ናብ ትሕዝቶኡ–



ኣብ’ቲ መጽናዕቲ ናይ’ቶም ተመራመርቲ፡ ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉኦ ምምጋብ፡ ካብ ልዑል ጸቕጢ ደም ክከላኸል ከምዝኽእል ይገልጽ።

እቲ መጽናዕቲ ን15 ዓመታት ዝቐጸለ ኮይኑ፡ እቶም ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉኦ ዝበልዑ ሰባት፡ ምስ’ቶም ልዑል ቅብኣት ዘይበልዑ ምስ ተወዳደሩ፡ እቶም ትሑት ቅብኣት ዝወሰዱ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ከማዕብሉ ዘለዎም ዕድል ኣዝዩ ውሑዱ ተረኺቡ። እቶም ልዑል ቅብኣት ዘለዎ ርጉኦ ዝምገቡ ዝበሩ ሰባት ድማ፡ ካብቶም ትሑት ቅብኣት ዝበልዑ ብ31% ልዑል ጸቕጢ ደም ኣማዕቢሎም ስለዝተረኸቡ፡ ጸቕጢ ደም ዘለዎምን ብዕድመ ዝደፍኡን ሰባት ትሑት ቅብኣት ዘለዎም መግቢ ክምገቡ ኣዘኻኺሮም።

ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉኦ፡ ልዑል ፕሮቲን ከም ካልሲየም፡ ፖታሲየምን ማግኒዚየምን ዝኣመሰሉ መኣዛታት መግቢ ዝርከቦ’ዩ። ኣብ ምንካይ ጸቕጢ ደም ተራ ዘለዎ ድማ - በዞም ዝተጠቕሱ መኣዛታት መግቢ ሃብታም ስለዝኾነ ምዃኑ እቶም ተመራመርቲ ይእምቱ። ጸቕጢ ደም ዘለዎም ኣባላት ስድራቤት ዘለወን ኣደታት እምበኣር፡ ዘዳልውኦ መግቢ ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ክኸውን ከምዘለዎ ኣተሓሳስበኦም።

ንሱ’ዩም ኣሰዪቦም፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ሕማም ልቢን ወቕዒን ዘጋድድ ብምዃኑ፡ ጸቕጢ ደም ዘለዎም ሰባት ቅብኣት ዝጠዘሉ መግቢ ካብ ምምጋብ ክቑጠቡ መኺሮም።

ኣቐዲሙ ብዘተኻየደ መጽናዕቲ፡ ብትሑት ቅብኣት ዝሰርሑ ወጽኢት ጸባ ዝኾኑ መግብታት፡ ጸቕጢ ደም ኣብ ምቁጽጻር ሓገዝቲ ከምዝኾኑ ተገሊጹ። ከምኡ’ውን ብዙሕ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ምብላዕ፡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር፡ መዓልታዊ ካብቲ ንቡር ብሰለስተ ዕጽፊ ቅብኣት ዝነደሎም ወጽኢት ጸባ መግብታት ምምጋብ፡ ኣዝዩ ድሩት ቅብኣት ዘለዎ ዕሹግ መግቢን ማእከላይ ዓቐን ሶድየምን ምውሳድ፡ ጸቕጢ ደም ኣብ ምንካይ ወጽኢታዊ ምዃኑ ይገልጽ። ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉኦ፡ ኣዕጽምቲ ዝተማልአ ጥዕና ክህልዎም ዝሕግዝ ከምዝኾነ’ውን ይግለጽ’ዩ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ጸቕጢ ደም ምስ ምውሳኽ ዕድመ እናዓበየ ዝኸይድ ሕማም ብምዃኑ፡ ምስ ደረጃ ዕድመ ዝኸይድ ኣመጋግባ፡ ጸንዕ ሕክምናዊ ክትትል፡ ልዑል ቅብኣት ዘለዎ ርጉኦ ካብ ምምጋብ ምቑጣብን ኑቲ ሕማም ኣብ ምቁጽጻር ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ መግቢ ኣባላት ስድራቤት ዘዳልዋ ኣደታት ወይ ኣሓት ብፍሉይ ከስተውዕላሉ ኣተሓሳሲቦም።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንን ከሳሲ ኣቶ ጸጋይ ደቦሳይ መብረሃቱን ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ስዩም መድሕን ፋደጋ 2.ወ/ሮ ትርሓስ ተኽልየስ ናሮ ዘሎ ሰቪላዊ ክርክር፡ ናይ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንፐ17/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣለም ክፍለ ኪዳኑ ተኸሳሲ ኣቶ ያቆብ መለስ መሻሹ ናይ ገዝዛብ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ወረስቲ ነ/ሄር ሻምባል ኣብርሃ ሃብቱ፡ ዓንዱን ነ/ሄር ኣባ ገብረመድህን ተስፋማርያም ወረሲ ስወእ ሃብተ ኣብርሃ ሃብቱ - ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃብቱ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ነ/ሄር ሻምባል ኣብርሃ ሃብቱ ዓንዱን ነ/ሄር ኣባ ገብረመድህን ተስፋማርያም 2.ኣቶ የውሃንስ ኣብርሃ 4.1 ኢዛና ማሳሕ 4.2 ርቢል ማሳሕ 4.3 ኢያብ ማሳሕ 4.4 ያቆብ ማሳሕ 6.1ዳናይት ሃብተ 6.2 ሚሮን ሃብተ ኣብ ወሽጢ ሃገር ስለዘየለው፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ከሳሲ ኣቶ ሚካኤል እስቲፋኖስ ተኸሰስቲ ወ/ፍ/ሄር ዞሚካኤል ክብረኣብ ወረ/ፍ/ ሄሪት ግምጃ ቀለታ ሃብተ፡ 1.ኣብርሀት ዞሚካኤል ክብረኣብ 2.ኣልማዝ ዞሚካኤል ክብረኣብ 3.ኣልጋሽ ዞሚካኤል ክብረኣብ 4.ሳባ ዞሚካኤል ክብረኣብ 5.ፍጹም ዞሚካኤል ክብረኣብ 6.የሩሳሌም ዞሚካኤል ክብረኣብ 7.ኣብርሃም ዞሚካኤል ክብረኣብ 8.ፍረሂወት ዞሚካኤል ክብረኣብ 9.ኣስቴር ዞሚካኤል ክብረኣብ 10.ዮናስ ዞሚካኤል ክብረኣብ ናይ መኪና ዋንነት ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን16/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ጽጌሬት ኪዳነ ዑቕባዝብሄር ስም ኣደይ ሰላስ ዞርያስ ምባል ተሪፉ፡ ሰላስ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ሪም ብርሃ ዛይድ ምባል ተሪፉ፡ ርሃም ብርሃ ዛይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ሄርሞን ጉዕሩ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ጉዕሩ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ኣብዪቭ ተኽኤ ናይዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ኣቡዲት ተክኤ ናይዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ሙሴ ጉብረያናስ ጉብረያሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ሙሴ ጉብረያናስ ተኽለየሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሰለሙን ኣረፋይነ ወረ/ፍ ነጋ ሃብተሚካኤል፡ ፍኖሪ ነጋ ንኡይ ውዕል ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/10/2023 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቢ።

ሳሙኤል ካህሳን ደረስ ምባል ተሪፉ፡ ሳሙኤል ጉብረኣብ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ወረደ ኪዳኑ ሓወና ኣቶ ኣብርሃ ኪዳነ ተስፋዝጊ ስለዝሞረረ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ራሄል የውሃንስ ወልደትንሳኤ በዓልቤተይ ኣማኑኤል ገብረንገስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ናቕፋ ኮርፖረሽን (NAKFA CORPORATION) ኣካያዲ ስራሕ ፍስሃየ ዓንደማርያም፡ ተኸሳሲት የውሃንስ ወልደሚካኤል፡ ናይ ክፍሊት ክራይ ገዛን ምልቃቕን ክሲ ማስረጽምልካ ስለዘለዉ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሶግይኛሽ ምስየኖ ኣስፍሃ ወለድና ፊተውራሪ ምስየኖ ኣስፍሃ ተድላን ሄዋን ሃብተን ስለዝሞረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወ/ሮ ብርኽቲ ፍስሓጼን መሓረዝጊ በዓልቤተይ ረድኢ መሓሪ ወልደማርያም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደባርዋ

ት/ዕድመ ምስጋና ቢንያም፡ ብሞግዚታ ሰላማዊት ተስፋገርግሽ ኣቢሉ፡ ምስጋና ቢንያም ምሕጹን ምባል ተሪፉ፡ ሚርሲ ቢንያም ምሕጹን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳህላክ ተወልደ ጉዕሩ ምባል ተሪፉ፡ ዳህላክ ተወልደብርሃን ጉዕሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ጎርዞ

ወ/ሮ ቅሳነት መንግስትኣብ ኢልሙ፡ ኣቦይ መንግስትኣብ ኢልማ ግርማይ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ኣብረሀት ኢብራሂም ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ኢብራሂም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ደቦሳይ ስልጣን ዘውደ ምባል ተሪፉ፡ ደበሽ ስልጣን ዘውደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ደርግኣለም ካሕሳይ ብስራት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጥዑምዝጊ ኣበበ ጉብረማስቀል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ ጣና በሪሁ ብርሃ፡ ኣደይ ደመቐሽ ዝግታ ጉብረመድህን ስለዝሞረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ኣልጋ ቢተው ጋርድ፡ ኣቡሓጎይ ጋርድ ዕዋል ስለዝሞረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ 7 ደቂ መዋቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ሚካል እስቲፋኖስ ወልደገርግሽ፡ ሃለዋት ኣቦይ ስለዘይተፈለጠ፡ ብስም ኣቡሓጎይ ሚካል እስቲፋኖስ ወልደገርግሽ ደጃዋዕ ኣለኹ፡ ሕጂ ድማ ኤርትራዊ መንነት ከወጽእ ስለዝደለኹ፡ እዚ ዝጽዋዕሉ ስም ኣቡሓጎይ ክፀዝዐለይ ክእዘዘለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መፍለጭ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣኽበረት ግርማይ ወልዳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዑቕባጋብር ተኽለ ደቦሳይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ምኩቲ

ፋኖ ተኽሉ ተስፋይ፡ በዓልቤተይ እርምያስ ጉብራኣብ ስለዝሞረረ፡ ኣነ ምስ 7 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


### ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ

ሰሚር ዑመር ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ መርሃዊ ተኽለይ ንገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ ኣምና እድሪስ ሰዒዳይ ምባል ተሪፉ፡ ለተሰላሴ ጉብረሚካኤል ኣብርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞ/ጋ/ባ - ሻምብቆ

ኣማንኤል ብርሃ ሰለሙን ምባል ተሪፉ፡ ያፌት ብርሃ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና ፍቅሮ ኣቦና ዓንደብርሃን ጉብረየውሃንስ መርሃ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ዓዲ ኣገራይ ዘቃበርኩምና፡ ሬሳ ናብ ኣስመራ ብምስዳድ ዝተሓበበርኩምና፡ ብተሌፎንን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ኣበባ ኣቶክለ
ምስ ምሉእ ስድራቤት

ኣመልካቲ ኣሌክሳንደር ዘርኢጋብር ዝተባህሉ፡ ኣብ ኣስመራ ማእከል ከተማ ዝርከብ ስፍሓት መሬት 109.56 ት/ሜ፡ ጎደና ናቕፋ ዝኾነ ቀንዲ ክፍሊ 2 ምስ 2 ተሓጋገዝቲ ዘጠቓልለ፡ ፕሎት 3 ፓርሰል ኤፍ ASP00028135 ASd00046261 ዝኾነ ገዛ ካብ መስጠፋ ኣሕመድ ዑመር ዝዓደኩዎ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 24649/34944 ብስም ኣውራሲኡ ነ/ሄር እድሪስ ዑመር ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤ/ጽ ኒታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ኣሌክሳንደር ዘርኢጋብር

ኣመልካቲት ሰለሙን ካሕሳይን ሩት ጉብሪሂወትን ዝተባሃልና፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማይተመናይ ዝርከብ ስፍሓት መሬት 120 ት/ሜ፡ ጎደና 158/32 ዝኾነ፡ ቀንዲ ክፍሊ 4 ምስ 2 ተሓጋገዝቲ ዘጠቓልለ፡ ፕሎት 2 ፓርሰል ዞን ASP00030461ASD 00026909 ዝኾነ ገዛ ካብ ወ/ሮ ግደይ ዘወልዲ ሞባእ ዝዓደግናዮ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1/009748/1 ብስም ሽያጢት ዝተመዝገበ ገዛ፡ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤ/ጽ ኒታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ሰለሙን ካሕሳይ

### ምልክታ ጨረታ

ምምሕዳር ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ንመዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ናይ ጽሬትን ምክንኻንን ኣትክልትን ኣገልግሎት ዝህቡ ተጫረትቲ ይዕድም። ተጫረትቲ ከምዚ ዝስዕብ ከማልኡ ይሕተቱ።

1.ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ የቕርቡ።
2.ንመኽበሪ ጨረታ ተመላሲ ዝኾነ ናቕፋ 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ብCPO ኣታዊ ይገብሩ።
3.ንጨረታ ዘድሊ መምርሕን ቅጥዕን ናቕፋ 300.00 (ሰለስተ ሚእቲ) ብምኽፋል ካብ ኣሃዱ ማርከቲን ምውሳድ ይከኣል።
4. ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣሃዱ ማርከቲን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብምምጻእ ወይ ድማ ብቑጽሪ ስልኪ 152122 ናይ ውሽጢ መስመር 259 ብምድዋል ምርካብ ይከኣል።
5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት፡ ተጫረትቲ ወፈይኦም የቕርቡ። ጨረታ፡ ተጫረትቲ ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ኣብ ሰዓታት ስራሕ 9:00 ንግሆ ይኽፈት።
6. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ በዚ ጨረታ እዚ ኣይግደድን።

ምምሕዳር ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ
ቁስ 152122 ፖ.ሳ.ቁ 5846
ኣስመራ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኤርትራ ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ክትሳተፍ'ያ

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣብቲ ካብ 3 ክሳብ 8 ነሓሰ ኣብ ስኮትላንድ ዝቖይድ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ንምስታፍ፡ ሎሚ ሰሉስ 1 ነሓሰ ከተማ ኢደንበራ ክትኣቱ ምኻና ኮምሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ሓቢሩ።

ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ቃለ መሕትት፡ ኤርትራ ዝሓለፈ ወርሒ ብኣህጉራዊ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ዝወጸ ደረጃ ሃገራውያን ጋንታታት፡ ካብ 152 ሃገራት ዓለም ኣብ መበል 18 ደረጃ ከም ዝተሰርዐትን በዚ ኸኣ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ሓንቲ ካብ ተወዳደርቲ ሃገራውያን ጋንታታት ክትከውን ከም ዝኸኣለትን ኣብሪሁ።

ኤርትራ ነተን ናይ ቅድድም ብሽክለታ መሰልጠኒ ማእከል ዘውንና ምዕቡላት ሃገራት በለጸ ከም ዝኾነት ደረጃ ምሓዝ ዘለዋ ምኽንያት ዝገለጸ ኣምባሳደር ዘመደ፡ እዚ ወጽኢት ናይቲ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ውድድራት ዘመዝገብዎ ዘለዉ ዓወታት ምኻኑ ሓቢሩ።

ኣምባሳደር ዘመደ ብዘይካ'ዚ፡ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ኣብ ናይ ጸቢብቲ ብሸውዓተ ተቐዳደምቲ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ከኣ ብሰለስተ ተቐዳደምቲ ክትውከል ምኻና ኣፍሊጡ።

እዚ ቁጽሪ ተቐዳደምቲ ምስ ካልኦት ሃገራት ብምንጽጻር ዓቢ ምኻኑ ዝሓበረ ኮምሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ብ18 ሓምለ ሻምፕዮን ኤርትራ 2023 ዓወት ኣማን ኣብ ሓደ ካብ መድረኻት ዙር ፈረንሳ ክወዳደር ብኣህጉራዊ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዕድመ ክቐርበሉ ምኽኣሉ፡ ኤርትራ ኣብዚ ዓውዲ ዝለዋ ክብሪ ዘመልክት ምኻኑ ኣረዲኡ።




ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ወሸጥን ኣብ ወጻኢን ዝነብር ኤርትራዊ ጥንዴራ ሃገሩ እናማባለለ ንተቐዳደምቲ ኣብ ምትብባዕ ዝጻወቶ ዘሎ ተራን ማዕበናት ዜና ሃገርና ዓወት ስፖርተኛታት ኣብ ምቅላሕ ዝዓመኦ ዘለዋ ሰራሕን ኣኽል ናይቲ ዛጊት ተመዝጊቡ ዘሎ ወጽኢት ምኻኑ ብምብራህ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ሰናይ ምኞቱ ገሊጹ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣብቲ 6 ነሓሰ ኣብ ከተማ ግላስጐው ዝቖይድ ናይ ጸቢብቲ ውድድር፡ ብተቐዳደምቲ በኒያም ግርማይ፡ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ መርሃዊ ቅዱስ፡ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ናትናኤል ብርሃን፡ ናትናኤል ተስፋጽዮንን ዳዊት የማነን ክትውከል ከላ፡ 8 ነሓሰ ኣብ ዝቖይድ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ውድድር ድማ ብተቐዳደምቲ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ፡ ናህም ዘርኣይን ሚልኪያስ ቅዱስን እያ ክትሳተፍ።

ኤርትራ፡ ኣብ 2021 ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ብመንገዲ በኒያም ግርማይ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ኮይና ምንባራ ኣይርሳዕን። ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብዚ እዋን ወሪኖም ብዘለዉ ብሉጽ ብቕዓት ተወዳደርቲ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ'ዩ ዝገመት። ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ዙር ፈረንሳ ክልተ ግዜ ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት ተቐዳደምቲ ኮይኑ ውድድሩ ዝፈጸመ ተቐዳዳማይ በልጅማዊት ክለብ ኢንተር ማርሼ በኒያም ግርማይ፡ ሓደ



ካብ ተጠመትቲ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳደምቲ ተባሂሉ ክጥቀስ ከሎ፡ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙንታት ኣብ ቻይና ኣብ ዝተኻየደ ዓቢ ውድድር፡ ብዮሚ ናይ ግዜ ማልያን ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያን ዝወሰደ ተቐዳዳማይ ኢጣሊያዊት ክሉብ ግሪን ፕሮጀክት ሄኖክ ምሉእብርሃን ከኣ ሓደ ካብቶም ኣብዚ ዓመት ዝበዝሐ ዓወት ዘመዝገቡ ተቐዳደምቲ ተባሂሉ ተረቒሑ ኣሎ። በልጅማዊ ጃስፐር ፊሊፕሰን ብሸሞንተ ዓወታት ኣብ ቀዳማይ ክስርዕ ከሎ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ሄኖክ ምሉእብርሃን ከኣ ብሸዱሽተ ዓወታት ኣብ ራብዓይ ተርታ'ዩ ተሰሪዑ ዘሎ። እዚ ተቐዳዳማይ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ኮረሻ ብሽክለታ ኮይኑ ብዝተወዳደሮ ርሕቀት ምስ ቀዳሞት 20 ተቐዳደምቲ ናይዚ ውድድር ኮይኑ ተጸዊዑ ኣሎ። ዝቐልጠፈ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ 2023 ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር እውን ንኣመራርዊት ጋንታኡ ትረክ ኣብ ምሕጋዝ ብዝጻወቶ ዘሎ ተራ ጸቡቕ ሽም ረኺቡ ምህብ ካብ ዘለዉ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ምኻኑ ኣይዝንጋዕን። ኣማኑኤል ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ጂሮ ዲ ኢታልያ ኣብ ራብዓይ መድረኽ ብዘርኣዮ ብሉጽ ብቕዓት፡ ሽልማት "ተቓላሳይ ተቐዳዳማይ" ክወሃብ ከም ዝኸኣለ ኣይርሳዕን። ሓደ ካብ ምኩራት ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ዝኾነ ናትናኤል ብርሃን፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ዘመዝገቦ ዘሎ ብሉጽ ወጽኢት ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ድርዒ ከም ዝኾነ'ዩ ዝእመነሉ። ከም መርሃዊ ቅዱስ፡ ናትናኤል ተስፋጽዮንን ዳዊት የማነን እውን ንዓወት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ዝዑበርዎ ኣስተዋጽኦ ልዑል ከም ዝኸውን'ዩ ትጽቢት ዘሎ። በዚ ኸኣ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ሎሚ ዓመት ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ብሉጽ ተወዳዳሪት ክተርኢ ምኻና ርጉጽ'ዩ።

## ቲራቮሎ ፈላሚ ዓወት ኣመዝጊባ

### ማይተመናይ ንደንደን ካብ መሪሕነት ኣሰናኺላታ

ብልዑል ተወዳዳርነት ዝቕጽል ዘሎ ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 30 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ መበል 12 ጸወታኡ ከም ዘሰላሰለ ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

ፈላሚ ናይዚ ዕለት ግጥም ኣብ መንጎ ቲራቮሎን ኣልታሕረርን እዩ ተኻይዱ። ተጻወትቲ ቲራቮሎ፡ ኣብዚ ናይ ካልኣይ ዙርያ ውድድር ቡዓህቲ ኮይኖም'ዮም ቀሪቦም ዘለዉ። ኣብዚ ኣንጻር ኣልታሕረር ዝቖየድዎ ጸወታ ዋላ'ኳ ቅድሚ ዕረፍቲ ብዘይሸቶ እንተተፈላለዩ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ግን ካብ ሮቤል የውሃንስን ናትናኤል ሰመረን ብዝተኸበወን ሸቶታት መሪሕነት ክሕዙ ክኢሎም'ዮም። ኣልታሕረር ጸወታ ክዛዘም 4 ደቓይቕ ክተርፍ ከሎ ብመንገዲ ተስፋይ ተሾመ ሸቶ ኣቑጺራ'ኳ እንተነበረት ካብ ስዕረት ግን ኣይተናገፈትን። ጸወታ ብዓወት ቲራቮሎ 2-ብ1 እዩ ተዛዚሙ። ኣብዚ ግጥም ናይ ቲራቮሎ ሳይሞን የውሃንስ እዩ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ድሕሪ'ዚ ግጥም፡ ቀይሕ ባሕርን ዕዳጋ ሓሙስን እዮን ተራኺበን። ልዳት ዕዳጋ ሓሙስ ክሳብ 41 ደቒቕ ክድፈር ኣይከኣለን ነይሩ። ናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ጸወታ ክዛዘም 3 ደቓይቕ ክተርፍ ከሎ ግን ቀይሕ ባሕሪ ካብ ስምኦን ሃብተ ብዝረኸበቶ ሸቶ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ቀይሕባሕሪ መሪሕነታ ንምድልዳል ብዝገበረቶ ጻዕሪ ኣብ መበል 62 ከምኡ'ውን ኣብ መበል 73 ደቓይቕ ካብ ስምኦን ሃብተን ሴም ተከሌን ክልተ ሸቶታት ብምውሳኽ ንጸወታ ናብ 3-ብ0 ቀየረቶ። ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ መበል 73 ደቒቕ ካብ ሮቤል ክብሮም ብዝረኸበታ ሸቶ ናብ ጸወታ ተመሊሳ'ኳ እንተነበረት፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ ብምርካብ ግን ተስፉ ኣቑረጺታ። ንዘተረኸበት ፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ ቀይሕ ባሕሪ፡ ስምኦን ሃብተ ናብ ሸቶ ብምቕያር'ዩ ሃትሪክ ክሰርሓ ክኢሉ። ቀይሕ ባሕሪ 4-ብ1 ክትዕወት ከላ ተጻዋታያ ስምኦን ሃብተ ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ ተሸሊሙ።

ሰዓት 4:00 ድሕሪ ቀትሪ ናብ ሜዳ ዝወረዳ መራሒት እዚ ውድድር ዘላ ደንደንን ማይተመናዮን እዮን ነይረን። ጸወታ ካብ መፈለምታኡ ሓያል ተወዳዳርነት ሒዙ'ዩ ቀሪቡ። ደንደን ዋላ'ኳ ኣብ መበል 31 ደቒቕ ናይቲ ጸወታ ካብ ሳልሕ ሰዑድ ብዝረኸበታ ሸቶ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ እንተወጸት፡ ሒዛቶም ዝጸበረት ተጻወትቲ ግን ንማይተመናይ ዝብደሁ ኣይነበሩን። ተጻወትቲ ማይተመናይ፡ ኩዕሶ ካብ እግሮም እናመንጠሉ ክዕብልልዎም እዮም ተራእዮም።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ተጻወትቲ ማይተመናይ ብዝቖየድዎ ሓያል ጻዕሪ ኣብ መበል 54 ደቒቕ ካብ ኣሚነድኣብ የናታን ብዝረኸብዋ ሸቶ ምስ ደንደን ተመዓራረዩ። ክልቲኤን ጋንታታት መሪሕነት ንምሓዝ ሓያል ጻዕሪ ክኻይዳ'ኳ እንተተራእያ፡ ሸቶ ክመዝግባ ስለ ዘይከኣላ ግን እቲ ግጥም 1-ብ1 እዩ ተዛዚሙ። ደንደን ሒዛቶ ዝጸንሐት ናይ ክልተ ነጥቢ መሪሕነት ክትዕቅቦ ኣይከኣለትን። ምስ ቀይሕ ባሕሪ ብ30 ነጥቢ ማዕረ ክትከውን ተገዲዳ ኣላ። ኣብዚ ግጥም ናይ ማይተመናይ ኤቨን ግርማጽዮን እዩ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ ተሸሊሙ።

ድሕሪ'ቲ ግጥም፡ ኣሰልጣኒ ማይተመናይ የናስ ምሕረተኣብ (ፋፋ)፡ ተጻወትቱ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ናይ ልምምድ ግዜ ሓጺርዎም ከም ዝጸበረን ኣብዚ ናይ ካልኣይ ዙር ጸወታታት ግን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቕዓቶም ከም ዝተመሓየሸን ብምሕባር፡ ንቐጻሊ'ውን ተወዳደርትን ቡዓህትን ኮይኖም ከም ዝቐርቡ ኣብሪሁ።

ኣሰልጣኒ ደንደን ሳምሶም ሃብተማርያም ብወገኑ፡ "ጋንታና ሓደ ክልተ ሃጓፋት ኣለዋ። ብፍላይ ከኣ ኣብ መስመር ምክልኻል። ከም ሚካኤል ዘርኣይ ዝኣመሰሉ ብሉጻት ተጻወትትና ከዕርፎም ኢና ወሲንና። ብወገይ በዚ ወጽኢት ዕጉብ'የ። ምስ ቀይሕባሕሪ ማዕረ ነጥቢ ኣለና። ተሪፉ ዘሎ ጸወታታት ሓያል ክኸውን'ዩ። ሓያል ውድድር ይጽበየና ኣሎ። ዓቢ ጥንቃቐ ድማ ክሓተና'ዩ። ዝ. ድማ ኣበርቲዕና ክንሰርሓሉ ኢና" ክብል ተዛሪቡ።

ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ሰሉስ 1 ነሓሰ እውን ካብ ሰዓት 2:00 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ ኩባንያ ሰምበል ምስ ኣዱሊስ ኣስመራ-ብራ ከኣ ምስ ኩባንያ ሰገን ብዝካየዳኦ ጸወታታት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ቀጺሉ ክውዕል'ዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ብሰለስተ ግጥም ቀጺሉ ነይሩ። ኢንሹራንስ ምስ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰምበል ኣብ ዝገበረቶ ጸወታ፡ ኢንሹራንስ እያ 4-ብ1ተዓዊታ። ፍትሓዊት ተወልደ፡ ሉልያ ኣብረሃም፡ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖትን ራህዋ ሓድሽን ንኢንሹራንስ ሸቶ ዘመዝገባ ተጻወትቲ ክኾና ከለዋ፡ ሓናን ድማ ንእንኮ ሸቶ ሰምበል ዘቑጸረት'ያ። ኣብዚ ግጥም ናይ ኢንሹራንስ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት እያ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ቀጺለን ሰዓት ክልተ ዝገጠማ በርኽ ምስ ገጀረት እየን ነይረን። ኣብ'ዚ ግጥም ገጀረት ካብ ዩርካቤል ክፍሎምን ሰሃት ሰዩምን ብዘመዝገበተን ሸቶታት 2-ብ0 ክትዕወት ከም ዝኸኣለት ተፈሊጡ ኣሎ። ብልጽቲ ተጻዋቲት፡ ካብ ገጀረት ዩርካቤል ክፍሎም እያ ተባሂላ።

ሳልሳይ ናይዚ ዕለት ጸወታ ኣብ መንጎ ደንደንን ኩባንያ ሰገንን እዩ ተኻይዱ። ኣብዚ ግጥም ደንደን እያ ብገፊሕ 5-ብ1 ተዓዊታ። ድያና እስቲፋኖስ ሓንቲ ሸቶ ክተመዝግብ ከላ፡ ሄለን ሚካኤልን ፍቓዱ ጋዕሙን ድማ ከክልተ ሸቶታት እየን ኣቑጺረን። ዘቢብ ሃይለስላሴ ንእንኮ ሸቶ ኩባንያ ሰገን ዘመዝገበት ተጻዋቲት'ያ። ፍቓዱ ጋዕሙ ናይ ደንደን ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይዚ ግጥም ተባሂላ ኣላ።

ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ጽባሕ ረቡዕ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሒዙ ጎዳይፍ ምስ ገጀረት፡ ሰምበል ምስ ደንደን፡ ኩባንያ ሰገን ድማ ምስ ኢንሹራንስ ብዘጉብራኦ ጸወታታት ክቕጽልዩ።





# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## “ኣመሪካ ንዊልያም ኣሳንጅ ክትርከቦ ኣብ ምሕታት ኣይክትሕለልን እያ” ኣንቶኒ ብሊንከን

ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ለንደን ዝርከብ ዊልያም ኣሳንጅ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ረብሓ ኣመሪካ ከቢድ ጉድኣት ከም ዘውረደ ብምግላጽ፡ ሃገሩ ወትሩ ክትርከቦን ኣብ ፍርዲ ከተቕርቦን ካብ ምጽዓር ከምዘይትቖጠብ ሓቢሩ።

ኣንቶኒ ብሊንከን ኣብ ናይ ኣውስትራልያ ዑደቱ'ዩ ኣመሪካ ንዊልያም ኣሳንጅ ክትርከቦ ትጽዕር ከምዘላ ዝሓበረ። “ስክፍታ ኣውስትራልያውያን እርድኣኒ እዩ፤ የግዳስ ንኣመሪካ ብዙሕ ዕንወት ዘስዓበላ ሰብ'ዩ። በዚ ድማ እዩ ብተረር ፍርዲ ክቕጻዕ ዘለዎ” ብምባል ገሊጹ።

እቲ ኣመሪካዊ በዓል-ስልጣን፡ ኣውስትራልያዊ ዜግነት ዘለዎ ዊልያም ኣሳንጅ፡ ምስጢራዊ ስልያዊ ሰነዳት ኣመሪካ ኣብ ኢድ ፈታውን ጸላእን ክኣቱ ስለዝገበረ፡ በዚ ክስታት ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ኣመሪካ ቀሪቡ ፍርዱ ክቕበል ከምዝግቦእ እዩ ኣዘኪሩ።

እቲ ኣውስትራልያዊ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ኣመሪካ ዝግበር ክፍኣት ዘቃልዕ ብዙሕ ምስጢራዊ ሰነዳት ብኢንተርነት ከም ዝዘርገሖ ኣይርሳዕን።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ጁልያን ኣሳንጅ 17 ክስታት ስለያ ኣዳልያ ከምዘላ እዩ ዝሕበር። 175 ዓመት ክእሰር ጠለብት ከምእተቐርብ ድማ ይግለጽ።

እንተኾነ እቲ ብዝተፈላለየ ጸገማት ጥዕና ይሳቐ ከምዘሎ ዝነገረሉ ኣውስትራልያዊ፡ ብሪጣንያ ናብ ኣመሪካ ከይተረክቦ ብመንገዲ ጠበቓኡ ይምጉት ከምዘሎ'ዩ ዝፍለጥ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒዝ ብወገኑ፡ ኣመሪካ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣሳንጅ ዝመስረተቶ ክሲ ክትስሕብ ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ተካይድ ምህላዋ እዩ ዘረድኤ።




ሓያሎ ኣውስትራልያውያን፡ ኣመሪካ ልክዕ ከም'ቲ ብምጥሓስ መሰል ናጻ ፕረስ ኣመኽንያ ንኻልኦት ሃገራት ጸቕጢ እትገብር፡ ንገዛእ ርእሳ'ውን ኣብ ልዕሊ ኣሳንጅ መሰል ናጻ ፕረስ ከተኽብር እያ ዝጽውዑ።

## መራሕቲ ም/ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኒጀር ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከምዝወስዱ ኣጠንቂቖም

መራሕቲ ዞባዊ ውድብ ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ)፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ኒጀር ዝሓለፈ ሰሙን ብዕልዋ ስልጣን ዝጨበጠ ሓይሊ፡ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስዱ ከምዝኽእሉ ኣፈራሪሖም።

ብመሰረት ቢ.ቢ.ሲ፡ እቶም መራሕቲ ኣብ ዘውጽእዎ ናይ ሓባር መግለጺ፡ እቲ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ወተሃደራዊ ጉጅለ፡ ነቲ ካብ ስልጣኑ ብሓይሊ ዓልዩ ኣብ ገዛ ኣሲሩዎ ዘሎ ፕረዚደንት መሓመድ ባዙም ኣብ ውሽጢ ሽውዓተ መዓልቲ ናብ ስልጣኑ ክመልሶ እንተዘይኪኢሉ - ኣብ ልዕሊኡ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስዱ ክግደዱ ምዃኖም ኣጠንቂቖም።

እንተኾነ፡ እቲ ወተሃደራዊ ጉጅለ ኣቐዲሙ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ኣብ ልዕሊ ኒጀር ንዝግበር ዝኾነ ግዳማዊ ወተሃደራዊ ምትእትታው ክምክቶ ምዃኑ'ዩ ኣፍሊጡ ዘሎ።

መራሕቲ ምዕራብ ኣፍሪቃ ነዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃቡ ዘለው፡ ብዙሓት ኣብታ ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ ቅልውላው ንምዝታይ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ኣቡጃ - ርእሰ-ከተማ ናይጀርያ ተኣኪቦም ድሕሪ ምዝርራቦም እዩ።



ንሶቶም ድሕሪ'ቲ ኣኼባ ኣብ ዘውጽእዎ ናይ ሓባር መግለጺ፡ “ኢኮዋስ ካብ ሎሚ ንደሓር ኣብቲ ዞባ ንዝፍጸሙ ዕልዋታት መንግስቲ ዜሮ ተጻዋርነት ክህሉዎ እዩ” ክብሉ ኣጠንቂቖም።

ኣስዒቦም ድማ፡ እቲ ካብ ስልጣኑ ተዓልዩ ዘሎ ቅዋማዊ መንግስቲ ኒጀር ኣብ ውሽጢ ሰሙን ናብ ቦታኡ ክምለስ እንተዘይክኢሉ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ብሓይሊ ስልጣን ጨቢጦም ዘለዉ መራሕቲ ሰራዊት ኣድላዪ ዘበለ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክውሰድ ምዃኑ ኣገንዚቦም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ እቲ ካብ ስልጣኑ ተዓልዩ ዘሎ መንግስቲ ኒጀር፡ ‘ፈረንሳ ነቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝርከብ ፕረዚደንት ናጻ ንምልቃቕ ኣብ ልዕሊ'ቲ ንሱ ዝርከበሉ ቤተ-መንግስቲ መጥቃዕቲ ኣየር ክትፍጽም ኣፍቂዱ ኣሎ’ ክብል እቲ ወተሃደራዊ ጉጅለ ከሲሱ።

ሓደ ካብ'ቶም ነቲ ዕልዋ ዝሃንደሱ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝኾኑ ኮሎኔል ኣማዶ ኣብድራማን፡ ትማሊ ሰኑይ ንቴለቪዥን'ታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሓሶውሚ ማሶውዱ፡ ፈረንሳ ኣብ ቀረባ መዓልታት ኣብ ልዕሊ'ቲ ቤተ-መንግስቲ ወተሃደራዊ ስርሒት ንኽትፍጽም ዘፍቅድ ሰነድ ከቲሙ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

በቲ ዘሰንበድ ዜና ዝተቘጥዑ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዜጋታት ኒጀር፡ ኣብ ኣፍ-ደገ ኤምባሲ ፈረንሳ ኣብታ ሃገር ብምትእኽኻብ ጉሕጽ ዝተሓወሶ ተቓውሞ ከምዘርኣዩ ተገሊጹ።

## ፍልስጤም - ሓማስን ፋታሕን ናይ ዕርቂ ሽማግለ የቝሙ

ተቐናቐንቲ ፖለቲካውያን መራሕቲ ፍልስጤም፡ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፍልልያት ንምጽባብን ብኣኡ ኣቢሎም ናብ ሓደ ንምምጻእን እትሕግዝ ናይ ዕርቂ ሽማግለ ክምስርቱ ከምእተሰማምዑ ተገሊጹ።



እቶም መራሕቲ ኣብዚ ስምምዕ'ዚ ክበጽሑ ዝኸኣሉ፣ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ወደባዊት ከተማ ኤል-ዓለሚን - ግብጺ ተራኺቦም ድሕሪ ምዝርራቦም እዩ።

መራሒ ውድብ ፋታሕን ርእሰ-ምምሓር ፍልስጤምን ፕረዚደንት መሓሙድ ዓባስ፡ ምስ መራሒ ሓማስ ኢስማዒል ሃኒያ ገጽ ንገጽ ተራኺቡ ድሕሪ ምዝርራብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ኣብ መንጎና ዘሎ ፍልልያት ንምጽባብ፡ ናይ ዕርቂ ሽማግለ ኣቑምና ክንዝተ ወሲንና ኣለና። እዚ ከኣ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናብቲ እንደልዮ ሸቶታት ክበጽሓና ተስፋ ኣለና” ክብል ኣረዲኡ።

እቲ ወዲ 87 ዓመት ፕረዚደንት ኣስዒቡ፡ እታ እትቐውም ሽማግለ፡ ናይ መውዳእታ ሸቶኣ ኣብ መንጎ ፍልስጤማውያን ሃገራዊ ሰላምን ሓድነትን ንምምጻእ ምዃኑ ኣብሪሁ።

“ኣብ መንጎና ዘሎ 17 ዓመት ዝቐጸረ ምክፍፋል ኣብቂዑ፡ ኩላትና ናብ ሓንቲ ሃገር፡ ሓደ ስርዓት፡ ሓደ ሕጊን ሓደ ሕጋዊ ሰራዊትን ክንምለስ ክንክእል ኣለና” ክብል'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

መራሒ ሓማስ ኢስማዒል ሃኒያ ብወገኑ ብሰንበት ንግሆ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዓባስ ምስ እስራኤል ዝገብሮ ዘሎ ጸጥታዊ ምትሕግጋዝን ምእሳር ተቓወምቲን ደው ክብሎ ጸዊዑ ነይሩ።

ንሱ ወሲኹ፣ ኣብ መላእ ፍልስጤም ናጻን ደሞክራሲያዊን ምርጫ ብምክያድ፡ ሓድሽን ሓቛፋይን ባይቶ ክቐውም ከምዘለዎ'ውን ኣተሓሳሲቡ።

ሓማስ ኣብ 2006 ኣብ ፍልስጤም ኣብ ዝተኻየደ ናይ መወዳእታ ባይቶኣዊ ምርጫ ተዓዊቱ'ኳ እንተነበረ፡ ብውጽኢት ናይቲ ምርጫ ምስ ፈታሕ ክሰማማዕ ብዘይምኽኣሉ ግን፡ ኣብ ወሽመጥ ቃዛ ናይ ባዕሉ ምምሕዳር መስሪቱ ነቲ ህዝቢ ባዕሉ ክመርሖ ከምዝጀመረ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

እቲ ኣብ ግብጺ ዝተኻየደ ርክብ፡ ብዘይካ እስላማዊ ጂሃድ ፍልጤምን ካልኦት ክልተ ጉጅለታትን፡ ኩሎም ፍልስጤማውያን ምንቅስቓሳት ብወከልቶም ከምእተሳተፉዎ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

## ፓኪስታን፡ ብመጥቃዕቲ ቦምብ ልዕሊ 50 ሰብ ተቐቲሎም

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ፓኪስታን፡ ዝሓለፈ ሰንበት ሓደ ዕጡቕ ብዝፈጸሞ ርእሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ቦምብ፡ ብውሑዱ 54 ሰብ ከምእተቐትሉን ካልኦት ኣስታት 200 ከምዝቘሰሉን ሰብ-መዚ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ብመሰረት እቶም ሰብ-መዚ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣባላት ‘ጃሚዓት ኡሌማ-ኢ-ኢስላም’ ናይ ዝተባህለ ሰልፊ ኣብ ከባቢ ዶብ ኣፍጋኒስታን ኣብ እትርከብ ከተማ ክዛር ኣኼባ ኣብ ዘካይዱሉ ዝነበሩ እዋን'ዩ ተፈጺሙ።

ፖሊስ ፓኪስታን ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓያለ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይቲ ሰልፊ ናብ መድረኽ ደዪቦም ኣብ ዝተዳለወሎም ቦታ ኮፍ ምስ በሉ፡ እቲ ዕጡቕ ነቲ ኣብ ነብሱ ጠምጢሙዎ ዝነበረ ተባራዒ ከምዝፈንጀሮ ገሊጹ።

ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ሓደ በዓል-ስልጣን ናይቲ ፖለቲካዊ ሰልፊ እውን ከምእተቐትለ ኣመልኪቱ።

እቲ ንምጽራዩ ዝካየድ ዘሎ መርመራ፡ ፈጻሚ ናይቲ መጥቃዕቲ ዳዕሽ ክኸውን ከምዝኽእል ዝእምት መበኢታዊ ውጽኢት ተረኺቡዎ ከምዝሎ ዝሓበረ ፖሊስ፡ ኣብኡ ዝነበሩ ኣባላት ጸጥታ'ውን መርመራ ይካየደሎም ከምዝሎ ወሲኹ ኣረዲኡ።

እቶም ኣብ ሆስፒታላት ተዓቒቦም ዝርከቡ ቑሱላት፡ ኣዝዮም ህሱያት ስለዝርከቡዎም፡ ቁጽሪ ምውታት ክይወስኽ ስግኣት ከምዝሎ፡ ሰብ-መዚ ጥዕና ፓኪስታን ሓቢሮም።

ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት እታ ሃገር መሪየም ኣውራንግዘብ ድማ፡ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኣቢላ ኣብ ዘሕለፈቶ መግለጺ፡ “ኣሸበርቲ ሃይማኖቶም ግብረ-ሽበራ እዩ” ድሕሪ ምባል፡ ተግባራት ግብረ-ሽበራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከምዝኸትም ምግባር፡ ንድሕነትን ሓድነትን ፓኪስታን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣስሚሪትሉ።




ፓኪስታን ሓንቲ ካብ'ተን ብዒብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲታት ዝናወጻ ዘለዋ ሃገራት ምዃና፡ ጸብጻባት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | 1/08/2023 | ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ጥንዳ ጥልያን | 119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565